# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.105 ረቡዕ 1 ጥሪ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ስድራቤት ሓዘን ዘይዓጸዉሉ ሓደጋ ቁጽሪ በረራ 370


ገጽ 3

ዝመጽእ ሓድሽ ምዕራፍ ቤትና

ገጽ 4
ነጥበ መቐይሮ


ገጽ 5
ኣብ 1916 ዝተሃንጸ ማያዊ...


ገጽ 7
ኢሳቕ፡ ኩሉ ዘማልአ ዘመናዊ ኣጥቃዓይ



## ሃማመተኤ፡ ዝተዓመ መደባት ኣተባባዒ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ገሊጹ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ብ27ን 28ን ታሕሳስ - ገምጋም ንጥፈታት 2024 ብምኽያድ፡ ኣብ ውሻጦን ስራሕ 2025 ዘትዩ።

ብሓለፍቲ ክፍልታት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈትን ዞባታትን፡ ከምኡ'ውን ብወከልቲ ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት፡ ኣብ ምምሕዳራት ከቢብን ኣብያተ-ትምህርትን ዝለዓለ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ፖለቲካውን ውድባውን ንቕሓትን ተሳታፍነትን መንእሰያትን ተመሃሮን ዘበርኽ፣ ድሌትን ተገዳስነትን ኣብ ትምህርቲ ዘዕቢ፣ ማሕበራ-ቁጠባዊ ንቕሓት ዘደንፍዕ፣ ከምኡ'ውን መደባት ባህልን ዜናን ዘሐይሉ ኣድማዕቲ መደባት ከምእተተግበሩ ተገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ፡ ምምሕዳር ከቢብን ንኡስ ዞባን ዝዘተበሰ ምህዞኣውን ጥበባውን ውድድራት ዘጠቓለለ ቅኑውንዳቲታት፣ ብሓያል ናይ ውድድር መንፈስ ኣብ ኩለን ከለኻት ዝተኻየደ ፈስቲቫላት፣ ከምኡ'ውን ንዝበርም ተመሃሮ ዝተዋህበ ሽልማታትን ጽልዋኡን ብዕምቈት ተገምጊሙ።


ስኣሊ. ዮውሃንስ በረከት



ንብድሆታትን ብልጫታትን ኣብ ምምሕዳራት ከቢ. ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ መዛተዊ ወረቐት ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ሱምግርን ምዕቃብ ብሉጽ ክብርታትን ዝቐደድ ኻስጋሳት ብዝሓየለ ክደፋኣሉ፣ ጽልዋ ማዛና ደራኺ. ተራ ስለዘለዎ፡ ኣብ'ቶም ንጡፋት ኣባላት ብዝሓየለ ክስራሕ፣ ኣድማዕቲ ንጥፈታት ማሕበር ኣብ ጨናፍር ኣብያተ-ትምህርትን ኮሌጃትን ንምርግጋጽ ዕቱብ ንጥፈታት ክካየድ፣ ጸምዋት መገዓዝያ፡ መሳለጥያን ቤት-ጽሕፈትን ፍታሕ ክናደየሉ፣ ኣብ ኩሉ ዝካየድ ንጥፈታት ድማ ምዕሩይነት ጸታን ብዝሓሸትን ኣብ ግምት ክኣቱ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ተበጺሑ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘዘኾ መዘዝሚ ቃሉ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከቢ.ን ኣብያተ-ትምህርትን ፍሉይ ኣተኩሮ ብምግባር ዝዝተሰላ ናይ ምብራኽ ንቕሓት መደባት ኣተባባዒ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ጠቒሱ፡ ኣብ 2025 ቀንዲ ኣተኩሮ ማሕበር ኩይት ክቐጽል ስለዝኾኑ፡ ምትሕብባር ኣካላት ህግደፍ፥ መሓውር ምምሕዳራትን ሚኒስትሪ ትምህርትን ብዝሓየለ ክቕጽል ጸዊዑ።

## መደበር ፈልሲ. ገለብ፡ ኣብ ዕቃበ ኣከባቢ. ኣበርክቶ ትገብር

መደበር ፈልሲ. ገሉብ ብዅተዳልዎ ፈልሲታት መበቆላውን ዘይመበቆላውን ኣግራብ፡ ኣብ ንጥፈታት ምግራብን ዕቃበ ኣከባብን ልዑል ኣበርክቶ ትገብር ከምዘሎ፡ ክኢላ ልምዓት ሃብቲ ገረብ ኣቶ በረኸት መብራህቱ ገሊጹ።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ 300 ሽሕ ፈልሲታት ከምዝዳለወት፡ 90 ሚእታዊ ካብኡ ቀላሚጣሳን ዒቃን፣ እቲ ዝተረፈ. ድማ ኣውሊዕ ሰራው፣ ጋቱ ቡን፡ ካሲያን ሉሲንያን ከምዝኾኑ እውን ሓቢሩ።

ዝዓበየ ክፋል ናይ'ቲ ፈልሲታት ብኮም ደረጃ ኣብ ዝተሓዝአን ዝተዓቀባን ቦታታት፣ እቲ ዝተረፈ. ኣብ መንግስታዊ ትካላት፡ ናይ እምነት ቦታታት፡ ኣብያተ-ትምህርቲን መቓብር ሰማእታትን ከምእተተኽሉ ኣቶ በረኸት ኣፊሩ።

ንዝመጽእ ዓመት ዝኸውን ፈልሲታት ንምድላው ኩሉ-መዳያዊ ምቅርራብት ይገብሩ ከምዝለዉ. ጠቒሱ ድማ፡ ምስ ተዓለወ ን11 ምምሕዳራት ከቢ. ከምዝዕደል ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ በረኸት፡ ንጥፈታት ምግራብ ብምድንፋዕ ዝበደመ ኣከባቢ. ኣብ ንቡር ንምምላስ፡ ኣብ 2022 ሚእቲ ሽሕ፣ ኣብ 2023 ድማ 300 ሽሕ ከምዝፈለሱ ብምንጻር፡ ኣብ ባይታ ዝተዓዘበ ውጽኢት ደርኪቦ ከምዝሎ ገሊጹ።



## ማሕበር መምህራን ኤርትራ ጨንፈር ሳዋ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ

ኣብ 2019 ዝተመስረተ ማሕበር መምህራን ኤርትራ ጨንፈር ሳዋ፡ ብ29 ታሕሳስ ካልኣይ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ።

ኣቦመንበር ማሕበር መምህራን ኤርትራ መምህር ስምኦን መሓሪ ኣብ ዘስመዖ ቃሉ፡ ዕላማ ማሕበር ብመንጽር ዜግነታዊ ሓላፍነትን ሞያዊ ስነምግባርን ድሕሪ ምዝርዛር፡ ኣብ ውሽጢ. ሕብረተ-ሰብ ኣብነታዊ ድርኺት ዝፈጥር ውዳብ ንምሕያልን ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ መምህራን ንምድልዳልን እውን ከምዝሰርሕ ኣረዲኡ።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ደክኣሎ መምህር ርእሶም ጉብረሂወት ብወገኑ፡ ማሕበር መምህራን ኤርትራ ሞያውን ናይ ምትሕግጋዝን ማሕበር ስለዝኾነ፡ ነፍሲ-ወከፍ መምህር ንዕብየትን ምዕባለን ማሕበር ኣበርቲዑ ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ተጋባእቲ፡ ንንጥፈታት'ቲ ጨንፈር እትመርሕ ኣካያዲት ኣካል ድሕሪ ምምራጽ፡ ብሞት ንዝተፈልየ ኣባል ማሕበር ዝኸፈል ደበስ ክብ ክብል፣ ንዝሓመሙን መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ኩዳልዉ. ንዘይልፉን መምህራን ድማ ሓገዝ ክግበረሎም ብምዝኽኻር፡ ንምዕባለ ማሕበር ካብኦም ዝጥሉብ ከበርክቱ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

## ሰገነይቲ - ምርጫ ኣመሓደርቲ ተኻዪዱ

ኣብ 18 ምምሕዳራት ከቢ. ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ናይ ስራሕ ግዜኦም ንዘኣኸለ ንምትካእ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣካበርትን ተኻዪዱ።

ኣብ'ዚ ካብ 18 ክሳብ 29 ታሕሳስ ዝተኻየደ ምርጫ፡ 2 ኣመሓደርትን 10 ኣካየድቲ ስራሕን ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 36 ኣመሓደርቲ ከባቢታትን ኣካየድቲ ስራሕን ተመሪጾም።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓብደልቃድር ሓጅ ዒሊ. ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ገስጋሳት ኣብ ስሉጥነት ናይ'ቲ መስርሕ ዓቢ. ተራ ከምዝነበሮ ብምጥቃስ፡ ተመሪጾም ዘለዉ. ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካየድቲ ስራሕን ንህዝቦም ብቐንዕና ከመሓድሩ፣ ህዝቢ. ድማ ኣብ ስርሖም ክተሓጋገዞም ተላቢዩ።

እዚ. ከም'ዚ. ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ 38 ዓድታት'ውን ኣካበርቲ ተመሪጾም።

# ርሑስ ሓድሽ ዓመት - 2025!

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ኣብ ታሪኽ ዝዓበየ ‘ድልያ ዝጠፍኣት ነፋሪት’

ኣብ ታሪኽ በረራ ነፈርቲ መገዓዝያ፡ ፍሉይ ቦታ ሒዙ ዝርከብ መልሲ ዘይተረኸቦ ፍጻመ - 239 ጊያሾን ሰራሕተኛታትን ሒዛ ቅድሚ 10 ዓመት ናይ ዝተሰወረት ነፋሪት ኣሰር ንምርካብ ከም ብሓድሽ መስርሕ ድልያ ክጅመር ማሌዥያ ትብጋስ ከም ዘላ ተሓቢሩ።

ካብ ርእሲ ከተማ ማሌዥያ ኩዋላ ላምፑር ተበጊሳ ብፍሉይ ለይቲ በረራ ናብ በይጂንግ ርእሲ ከተማ ቻይና እትገዓዝ ዝነበረት ቀጽሪ በረራ 370፣ ድሕሪ ሰዓት ኣብ ዘይመልአ ካብ ራዳር ምስ ተሰወረት ክሳዕ ሕጂ ከምዘይተረኽበት ይፍለጥ።

ቅድሚ ሕጂ፡ ብሓያሎ ዓለም ለኻውያን ዳህሳስ ውቅያኖስ ዝተኻየደ ጽዑቕ ፈተሻታት ድሕሪ ብዙሕ ድኻምን ናይ ሚልዮናት ዶላራት ክሳራን ኣብ 2018 ከም እተቛረጸ ይዝከር። ኣብዚ ኣብ ታሪኽ ሓደጋ በረራታት ኣዝዩ ምስጢራዊ ዝኾነ ኣጠፋፍኣ ነፋሪት፡ ስድራቤት ተሳፈርቲ ብዘይ ተስፋ ምቕራጽ ዘቐደም ጸወዒት መሰረት ንምሃብ ማሌዥያ ከም ብሓድሽ ድልያ ክትጅምር ኣገዲድዋ ኣሎ።

ነፋሪት ምስ ተሰወረት ድሕሪ ሒደት መዓልታት ፈተሻ ክጅመር እንከሎ፡ ኣውስትራልያን ሓያሎ ሃገራትን ብዝተሳተፈኦ ወፈራ 4.5 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜትር ስፍሓት ዘለዎ ማያት ንኽዳሰሰ ሳምንታት ዝኣክል ተፈቲሹ። ድሕሪኡ ድማ ካብ ኣውስትራልያ ኣስታት 2800 ኪሎሜትር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከርሲ ማያት ዳህሳስ ተኻይዱ።



ኣብዚ 120 ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜትር ዝሸፈነ ጉርጓር፡ ሳብማሪናትን ነፈርቲን ዝተሳተፈኦ እዩ ነይሩ።

ኣብዚ እዋን ድማ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መደበር ዘለዎ ‘ኦሻን ኢንፊኒቲ’ ዝተባህለ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ዳህሳስ ዘካየደ ትካል፡ ኣብ ካልኦ ስፍራታት እቲ ውቅያኖስ ክፍትሽ ተዳልዩ ኣሎ።

እታ ነፋሪት ካብ ራዳር ምስ ተሰወረት፡ ናብ በይጂንግ ዘይኮነስ ናብ ካልእ ስፍራ ኣንፈታ ቀይራ ተጓዒዛ ክትከውን ከም እትኽእል ኣብቲ እዋን ክኢላታት እታ ሃገር የረድኡ ነይሮም። ኣብ ወተሃደራዊ ራዳራት ብዝተረኽበ ንባብ፡ እታ ነፋሪት ናብ ማሌዥያ ከምእተመልሰትን ንደሴት ፔናንግ ገሲያ ብጥሜፍ ደሴት ሱማትራ ንምዕራብ ገጻ ከም ዝኣተፈትን ይሕበር።

እቲ ዜና ወፅኡ እንከሎ ድማ 26 ሃገራት ዝተሳተፈኦ ብርቱዕ ፈተሻ ተኻይዱ ነይሩ። ነዳዲ ክሳብ እትውድእ ተጓዒዛ ኣብ ዓሚቝ ማያት ደቡባዊ ውቅያኖስ ህንዲ ወዲቓ ክትከውን ከምእትኽእል እውን ኣብ ዜናታት ይቃላሕ ነይሩ።

በረራ ነፈርቲ ዝከታተል ሳተላይት ብዘዘኦ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ዝተጠርጠረ ከባቢ፡ ቻይናን ኣውስትራልያን ኣመሪካን ዝተሳተፈኦ ጽዑቕ ዳህሳስ ተኻዪዱ ነይሩ። ኣብ መንጎ ጥሞም ኣፍሪቃ ኣብ እትርከብ ደሴት ሬዩንዮን ዝተገዘዐ ኣካል ነፋሪት ስለ ዝተረኽበ ድማ ከም ሓባሪ ተወሲዱ - ትካላት ፈተሻ ከርሲ ማያት ህንዳዊ ውቅያኖስ ክሳብ ዝርብርባ ጉርጉረን ኣቋሪጸንኦ። እቲ ጸምባሉ እናበለ ዝተረኽበ ኣካል ነፋሪት ኩነ ኣሉ ንምንድንጋርን ብዘስፋ ንምንጥልጣልን

ኣብቲ ቦታ ዝተደርበየ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝጠርጠሩ ወገናት እውን ነይሮም። ብምዕባል እናተደፍአ ካብ ርሑቕ ማያት ዝተጓዕዘ ክኸውን እውን ይኽእል።

ኣብቲ ዝጠፍኣትሉ መጀመርታ ኣዋርሕን ድሕሪኡ ኣብ ዝሰዓበ ክልተ ዓመታትን ኣዝዩ ኣደናጋሪ ሓበሬታታት ይቃላሕ ነይሩ። ናብ በይጂንግ ንሶሜን ሸንኽ ዝተጓዕዘት ነፋሪት ብኣንጻሩ ኣሽሓት ኪሎሜተራት ኣብ ዝርሕቕ ደቡባዊ ምዕራብ ክትምለስ ዝገበራ እንታይ ክኸውን ይኽእል ዝብል ሰብ ዝፈጥሮ ዕላላት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዑደት ይጉበር ነይሩ።

ኣስታት 64 ሜትሮ ቁመት ንጋደም ዘለዋ ገዛፍ ቦይንግ ብዘይኣሰር ክትጠፍእ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ተመክሮ ብምንባሩ፡ ሰባት ናይ ፈጠራ ወረታት ዘቢጋዕሱሉ ኣጋጣሚ ኩይኑ ነይሩ። ኣንፈት ቀይራ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ኣንጻር ተጓዒዛ ዝብል ሓሳብ “ሓሶት” ከም ዝኾነ ዝገልጹ፡ በይጂንግ ከይበጽሐት ናብ ካልእ ከም ‘እተጨወየት’ ይጥርጥሩ። ካልኦት ከኣ ከይተበጽሰት እንከላ ኣንፈት ዝቐየር ውዲት ኣብ ናውታ ተፈጺሙ ክኸውን ከምዝኽእል ይግምቱ።

ቀጽሪ በረራ 370 ዝተሰወረትሉ ቅንያት ኣብ መንጎ ደቡባዊ ጫፍ ክፍለ ኣህጉር ህንዲ ብዝርከብ ደሴታት

ሞልዲቭስ፡ ትሕት ኢላ እትበርር ገዛፍ ነፋሪት ተረኢያ ምንባራ ጊፍቲ ዓሳ ማስከርም ነይሮም። እታ ዝተባህለት ነፋሪት ግና በረራ 370 ከምዘይነበረት ኣብዘተኻየደ ምጽራይ ተፈሊጡ።

ቀጽሪ በረራ 370 ናብ እኩባት ደሴታት ዲጎ ጋርሲያ ኣቕኒዓ ክትከውን ከምእትኽእልን፡ ኣብተን ደሴታት ካብ ዝርከብ ምስጢራዊ ወተሃደራዊ መዓስከር ምዕራባውያን ብዝተተኩሰ ጸረ ነፈርቲ ተሓምሺሻ ክትከውን ከምእትኽእልን ይወረ ነይሩ። ናብቲ ሕዙእ ሃዋህው እንድሕር ሰሊኻ፡ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ርእሰ ቅትለት ንምክልኻል ብዝተተኩሰ ኣጸዋር ተባሪዓ ክትከውን ከምእትኽእል ሓሳባት ዝዘቡ ወገናት ነይሮም። ኣብቲ ከባቢ ወተሃደራዊ መዓስከር ዘለዋ ኣመሪካ ግና፡ ዝተጸግዐት ነፋሪት ከምዘይነበረት ገሊጹ።

ብጊያሾ ተኤጪውያ ኣብ ሕቡእ ስፍራ ተታሒዛ ከም እትህሉ ዝሕብሩ ወገናት እውን ኣብታ ነፋሪት ብፍይ ሓሶት ፓስፖርት ዝንቀሳቐሱ ክልተ ኢራናውያን ኣድ ክሁብርም ከም ዝኽእል ግምት ሂቦም። እቶም ኢራናውያን ግና ብዝተሰርቀ ፓስፖርት ናብ ኤውሮጳ ክሰግሩ ዝፍትኑ ኮብለልቲ ምንባሮም ተፈሊጡ። መንነት ኣብታ ነፋሪት ዝነበሩ ጊያሾ ሓንቲ ብሓንቲ ተጻሪዩ፡ ንጌጫውያ ነፋሪት ዝጥርጠሩ ግና ኣይተረኸቡን። ብጀካ ሓደ።

## ስድራቤት፡ ሓዘን ዘይዓጸዉሉ ሓደጋ ቀጽሪ በረራ 370

ነፋሪት ቀጽሪ በረራ 370 ኣስታት 40 ደቓይቕ ምስ ተጓዓዘት፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ልምዲ ዝነበሮ ወዲ 53 ዓመት ኣብራሪ ካብ ማሌዥያ ንዘከታተለዎ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት መቈጻጸሪ ጉዕዞ ነፈርቲ “ደሓን ሕደሩ” ዝብል መልእኽቲ ፈንዩ። ዝጸሓፎ ስፍራታት ዝሕብር መስርሕታት ተብዚኹ ምስ ናይ መገዓዝያ ራዳር ዝነበራ ርክብ ድማ ኣቋሪጹ። ኣብ ምድሪ ዝነበሩ ወተሃደራዊ ራዳራትን ካብ ሰማይ ዝከታተል ናይ ሳተላይት መጻናጸኒን ግና ይዕዘበዎ ነበሩ።

እታ ነፋሪት ናብ በይጂንግ ዘይኮነስ ኣንፈታ ንድሕሪት መሊሳ ኣሽሓት ኪሎሜተራት ተጓዒዛ ኣብ ሰሜያት ህንዳዊ ውቅያኖስ ከም ዝጸሓት ድማ ሓበሬታ ተኣኪቡ። ኣብራሪ ብርእሰ ቅትለት ዝፈጸሞ ስርሒት ክኸውን ይኽእል ኢሎም ርእይቶ ንዝሀቡ ወገናት ግና፡ ናይ ብዙሕ ዓመታት ተመኩሮ ዝነበሮ ተኣማኒ ሰራሕተኛ ናብ ከምዚ ዓይነት ፍጻመ ዘብጽሕ ጠባያት ኣርእዩ ከምዘይፈልጥ ብተደጋጋሚ ክነግር ጸኒሑ እዩ። ዝጸሓፎ ስፍራ ዝሕብር መሳርሒ ብኣድ ሰብ ከም ዘይሰርሕ ምብታኹን ምስ ራዳር ዝነበራ ርክብ ምቕራጹን ብውሳነ ሰብ ዝተዋደደ ስርሒት ከም እተፈጸመ ዘርኢ መረዳእታ ምዃኑ ይነግር። ብኻልኦት ተፈጺሙ ክኸውን ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ ኣውራ ተጠርጣሪ ግና መራሒኣ ካፒተን ዛህራይ ኣሕመድ ክኸውን ይኽእል። ቅድሚ ገለ ሳምንታት ኣብረርቲ ብዘለማመዱሉ ቀዋሚ ጋቢና (ሲሙሌተር)፡ እታ ነፋሪት ዝወሰደቶ ጉዕዞ ብልምምድ ኣጺኒዕዎ ከምዝነበረ ኣብቲ መስርሕ ካብ ዝተረኸበ ሓበሬታ ተረኺቡ ነይሩ። መዘዙብ በረራ እታ ነፋሪት ከይተረኸበ ግና ተሓታቲ ክርቋሕ ኣይክእልን።

ኣብ ታሪኽ በረራ ዓለም ሓያሎ ተመሳሳሊ ምስጥር ነፈርቲ መገዓዝያ የጋጥም እኳ እንተነበረ፡ ኣጠፋፍኣ በረራ 370 ብምስጢራዊ ኩነታት ዝተሸፈነ ብምዃኑ ዝዓበየ ተጉዳእነት ረኺቡ ኣሎ።



ስድራቤት ተሳፈርቲ ክሳዕ ሕጂ ሓዘኖም ስለ ዘይዓጸዉ፡ መዓልቦ ከይተረኽበ ንመንገዲ ኣየር ማሌዥያ ጸቕጢ ምግባር ኣየቋረጹን።

ዓመታዊ ልዕሊ 30 ሚልዮን በረራ መገዓዝያ ኣየር ከምዝካየድ ዝሕብሩ ዓለም ለኸ ጸብጻባት፡ ህይወት ሰብ ዝጠፍኣሉ ሓደጋታት ግና ኣዝዩ ውሑድ ኣጋጣሚ ምዃኑ ይፍለጥ። ኣብ ቀረባ ግዜ ኣብ ግንቦት 2016 ካብ ፈረንሳ ናብ ካይሮ ትበርር ዝነበረት መንገዲ ኣየር ግብጺ ኣብ ኣየራት ማእከላይ ባሕሪ ምስ በጽሐት ናብ ዓሚቝ ማያት ማእከላይ ባሕሪ ተኾቢታ፡ 66 ሰባት ሒዛ ኾኣ ጠፊኣ።

ግብጻውያን ክኢላታት ኣብ ኣሸራፍናት ጊያሾ ናይ ኒታጉ ቀመማት ከም ዝረኸቡ ብምግላጽ ኣሸበርቲ ዘጻወድዎ ተተኳሲ ሓደጋ ከምዘውረደ ገሊጾም። እዚ ኣበሃህላ እዚ ድኽመት ጸጥታን ፈተሻን መዓርፎ ነፈርቲ ፈረንሳ ስለ ዘመላኽት ፈረንሳውያን ቀልጢፎም ካልእ ምኽንያት ኣቕሪቦም። ኣብ ጋቢና ኣብረርቲ ዝተወልዐ ሓዊ ካብ ቀጽጽር ወጺኡ ከይዱ ንውሽጣዊ ኣካላት እታ ነፋሪት ከም ዝኮልዖ ኣረዲኦም።

ኣብረሪ ኣብ ጋቢና ሽጋራ የትካኽ ነይሩ ይኾውን ብምባል ኑቲ ጠንቂ ናብቲ መንገዲ ኣየር መሊሶምዎ።

ምዕቡል መገዓዝያ ጊያሾ ካብ ዝጅመር ካብ ሰላሳታት ንጀው፡ ድሕሪ ንቕሎ ተሰዊረን ዝተረፋን ኣሰረን ዝጠፍኣን መንገዲ ኣየራት ብዙሓት ክዘከራ ይኽእላ እየን። ኣብ ኣየራት ውቅያኖስ ሓደጋ ኣጋጢምወን ናብ ማይ ዝንቄታ ንምርካብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ብምዃኑ ሰፊፍ ዝብል ቀርጽራጽ እንድሕር ተረኺቡ ሰብ ብህይወት ናይ ምርካብ ተስፋ ከምዝዘለ ይረጋገጽ።

ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተኻየደ ድልያታት በረራ 370፣ ኣብ መንጎ ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣብ ዝርከብ ማያት ህንዳዊ ውቅያኖስ ካብ ማዳጋስካር ክሳብ ጥሞም ታንዛንያ ናይታ ነፋሪት ይኾውን ዝበሃል ቀርጽራጽ ከም እተኣርየ ይፍለጥ። እንተኾነ ግና ጠንቂ ምጥፋእ ናይታ ነፋሪት ብዕሊ ከይተፈልጠ፡ ቀንዲ ኣካላታ ከይተረኸበ፡ ናይ በረራ ሓበሬታ ዝሁብ ‘ጸለም ሳንዱቕ’ ዝመዝገቦ ጸብጻብ ከይተሓበ፡ ስድራቤት ጊያሾ ክድቅሱ ኣይክእሉን። ብበልሸት ከምጥዩተር ኣንፈታ ቀይራ ክትከውን ይኽእል ዝብል ጥርጣረ እቲ መንገዲ ኣየር ኺግዎ እዩ። ምስ ምቅጽጻር በረራ ዝራኸቡ መሳርሒታት ምብታኽም ግና ብውዲት ሰብ ዝተፈጸመ ተግባር ክኸውን ከም ዝኽእል መንገዲ ኣየር ማሌዥያ ይኣምን። መን ጊዩሩዎ ዝብል ሕቶ ግና እቲ ቀንዲ ናውታ ከይተረኸበ መልሲ ኣይረኽበን።

እታ ቦይንግ 777፣ ናይ 18 ሜትሮ ብራኸ፡ 64 ሜትሮ ንውሓ ቁመትን፡ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ 61 ሜትሮ ንጋደም ዝዘርግሐ ግልግለ (ክንፊ) ኾኣ ነይሩዋ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጾ. 1284

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ዝመጽእ ሓድሽ ምዕራፍ ቤትና

*28* ታሕሳስ

*8:30* ቅ.ቐ. - ኣስመራ

እዚ ኣብ መዘክረይ ዝጽሕፎ ዘበለ ብድሕረይ ንዓኹም ምኳኑ ሕጂ ይርድኣኒ ኣሎ። እቲ ክጽሕፎ ዝሓሰብ ዝነበርኩ ኩሉ ስለ ዘይጸሓፍክዎ ሕማቕ ይስምዓኒ ኣሎ። ሰብ ኣብ ዕድሜኡ ምሉእ ክገብሮ ዝኽእል ነገራት ክትግምትዎ እንተ ኸኢልኩም ውሑድ ኣይኩነን። ኣብዛ ነዛ ጽሕፍቲ ተንብቡላ ዘለኹም ሰዓት፡ ናይ ገዛእ ነብስኹም ፍጻሜታት፡ ስምዒታት፡ ዝኽርታትን ካልእን ትጽሕፉዎ እንተ ትነብሩ፡ ካብዚ ናተይ ዝበዝሐ መዛግብ ዝኽሪ ምሃለወኩም ነይሩ። ኩሉ ዝሓለፈ ህይወተይ ኣብዚ መዝገበይ ክጸንሓኩም ይኽእል'ዩ። ምናልባት እንተ ዘይውሒዱ። ግን ማማኹም ንሱ ጥራይ ኣይኩነን ህይወተይ። እቲ ዘሎ'ውን ኣይወሓደን።

ኣብ መዝገበይ ዕድመ ቍልዕነተይ፡ ጉርዘውናይ፡ ህይወት ትምህርተይ፡ ኲነታት መርዓይ፡ ኣብ ናብራ ዝሓለፈ ህይወትና፡ ምስ ባባኹምን ምሳኻትኩምን ዘለኒ ፍቕሪ፡ ምረትና፡ ሓጐስና፡ ወዘተ. ኣብኡ ክጸንሓኩም እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ዓሻ ኰይነ ክጸንሓኩም እየ፣ ኣይትፍረዱኒ። ምኽንያቱ እቲ ናይ መጀመርታ ዕሽነተይ'ዩ ዳሓር ለበም ዝገበረኒ። ሓደ-ሓደ ግዜ ዘይከም ሎሚ ሓራቕን መኛካን ጓል ኰይነ ክጸንሓኩም እየ፣ ሓደራኹም ኣይትጽልኡኒ። እዚ ትዕግስተይ ካብኡ ዘምጻእክዎ እዩ። ቈልጭ-ቈለጭ እትብል ተስፋ ቈረጽ ኰይነ ክጸንሓኩም'የ፣ ሽዑ'ውን ኣይትፍረዱኒ። እዚ ሎሚ ዘለኒ ርግኣትን ተስፋን ዝወለደ ንሱታት'ዩ። እዛ ኣብ መወዳእታ እትረኽቡዋ ኣደኹም፡ እቲ ኩሉ ዝሓለፈቶ ሕማቕን ጽቡቕን ስለ ዝጠቐማ ወይ'ውን ናብ ጥቕማ ስለ ዘውዓለቶ'ያ ከምኡ ኰይና። ነቲ ኩሉ ሕማቕ እትብልዎ ዘበለ ኣይትጽልኡዎ። ምስ ዕድመኹም እናዛመድኩም ኣብ ነብስኹም እንተላይ ረኣይዎ። እቲ "ማማ ጽንዕቲ ኢኺ፡" ኢልኩም እትንእዱኒ፡ ካበይ ዝተሸመተ ጽንዓት ምኳኑ ኣብኡ ክጸንሓኩም እዩ።

ኣብ ዘለኹሞ ዕድመ እንከለኹ ዝነበረ ኲነታትን እዚ ናትኩም ግዜን ሓደ ከም ዘይኩነ ይርድኣኒ'ዩ ፍትዋት ደቀይ። ብፍላይ ሳራ ጓለይ፡ እቲ ኩሉ ዘቋይቘና ዝነበረ ካብ ምንታይ ዝተበገሰ ምኳኑ፡ ኣብቲ ናትኪ ዕድመ እንከለኹ ዝነበረ ህይወተይ ምስ ኣንበብኪ ክርደኣኪ ምኳኑ እፈልጥ'የ። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ንስኺ ካባይ ኣዚኺ ከም እትበልጺ፡ እትልብሚ፡ እትነፍዕን ክንዲ ምንታይ ንማማኺ እተፍቅሪ ምኳንክን ጉሊሑ ክረኣየኪ እዩ። ብኣኺ ኣዝየ'የ ዝኹርዕን ዝተኣማመንን ሳሪ ጓለይ። ነቲ ኩሉ ቈየቛ ፍርሐይ'ዩ መንቀሊኡ። ሕጂ ካብ ምንታይ ከም ዝተበገሰ ምስ ፈለጥኪ ኩሉ ከም ትሓድግለይ ጽቡቕ ገይረ እፈልጥ'የ። እቲ ዓጻፉ ትመልስለይ ፍቕርን ሓልዮትን፡ ካብ ኣደይ ክረኽቦ ዘይከኣልኩ ዕድል ካባኺ'የ ረኺበዮ እዛ ጓለይ። ሓደራኺ ኩሉ ሳዕ ከምኡ - ፈቃርን ሓዳግን - ኩኒ። ንደቕኺ ኸኣ ከማኺ ግበርዮም።

ኣቢ ወደይ ኩሉ ከይተሰከፍካ ተዕልለኒ ዝነበርካ፡ ኩሉ ዝሓተትካኒ ምኽሪ ኣብዚ ክጸንሓካ እዩ። እቲ ፍርቁ ካብ ሳራ ሓፍትኻ ዝረኸብክዎ ምኽሪ'የ ዝህበካ ነይረ። ጓል መገዲ እናኣምጻእኩ ክሓታ እንከለኹ፡ ተገሪሃ ምኽሪ ትህበኒ። ኣነ ኸኣ ብሻዓኣ ንዓኻ እህበካ ነይረ። "ንሓፍትኻ ኣማኺርኒ ዘይትብላ?" ክብለካ እንከለኹ ብዘይ ምኽንያት ኣይኩነን። ከም ኣደኻ ለባም'ያ ሕፍትኻ ኣቢ ወደይ። ክንዳይን ልዕለይን ኰይና ክትኣልየካ እያ። ንስኻ ከምቲ ክንዲ ኣቦኻ ኴንካ ኩሉ ዝኹንካለይ፡ ንዓኣ'ውን ከምኡ ኩነላ እዚ ወደይ። ኣቢ ወደይ! ንስኻን ሓይልኻ፡ ንስኻን ልቦናኻን፡ ንስኻን ፍቕርኻን፡ ንስኻን ለውሃትካን፡ ንስኻን መንፈዓትካን ልክዕ ቅምጥ ኢልካ ባባኻ ኢኻ። ነብስኻ ቀው ኢልካ ምስ ተመልከትካያ፡ ባባኻ ኣብኡ ክጸንሓካ እዩ። ድሕሪ ባባኻ ንዓኻ እናረኣኹ'የ ተጸናኒዐ። ብኣኻ'የ ህይወት ዘሪአ። ንዓኻ እናረኣኹ'የ ትንፋስ ሰኹዐ። በዚ ኸኣ ማማኻ ኩርዕትን ቅስንትን'የ።

እዚ ኣብ ገዛና ዘሎ ሃብቲ ስለ ዘለኩም ጥራይ ኣይቀስንን'የ። ሳራ ጓለይ! ኣቢ ወደይ! እቲ ናይ መንፈስኩም ሃብቲ'ዩ ኣቕሲኑኒ ዘሎ። ሰብ ብንዋይ ወይ ገንዘብ ኣይኩነን ዝነብር፣ እንታይ ደኣ ብጥዑይ መንፈሱ'ምበር። ኣምላኽ ኣይወጽዓንን ኩሉ ብኣኹም ኣርእዩኒ እዩ። ክልተና ባባኹምን ማማኹምን ካብ ኣየናይ ስድራ ከም ዝበቘልና ኣብዚ መዝገብ ክትረኽብዎ ኢኹም። ሓዳር ዝወጻእናሉ እዋን ዝተጻሕፈ እንተ ኣንቢብኩም፡ ካብኡ ዝኸፍእ ምረት ከም ዘየለ ክትርድኡ ኣይክትሸገሩን ኢኹም። ፍቕርናን ሓልዮትናን ግን ንኹሉ ኣረሲዑና። ብስእነትና ዘይስክሕ ኣይነበረን! ብፍቕርናን ሓጐስናን ከኣ ዘይቀንእ ኣይነበረን። ባባኹም ንመዓልቲ ብዓሰረተ ኣእዳው እናሰርሐ፡ ከም ዝኾነ ካልእ ሰብ እናኣሐንቀቐኒ ንነብር ኔርና። ፍቕርናን ሓጐስናን ነዚ ኹሉ ገንዘብን ንዋይን በብሓደ ወሊዱልና። ንስኹም ከኣ ከም ቀደምኩም ንፍቕርናን ሓጐስናን ጥራይ ደኣ ሓዙ። እዚኣን እንተ ኸይደን፡ እቲ ዘለና ዝመስለና ሃብቲ'ውን ደድሕሪአን'ዩ ዝኸይድ። እቲኣ ብማዕጾ ከተሳጉጉዋ እንከለኹም፡ እቲኣ ኸኣ ብመስኮት'ያ እተርክባ። ኣብ መንጎኹም ገንዘብ ሞንጎኛ እንተ ጌርኩም ጠፈእኩም!

ፍትዋት ደቀይ! ናተይ ሃብቲ ቅድም ንባባኹም ምርካበይ'ዩ። ሃብቲ ተራቢሖ ኸኣ ንስኻትኩም ተወሲኽኩም። ኣነ ንኣምለኸይ ልዕሊ ኹሉ ንዓኹም ስለ ዝሃበኒ'የ ዘመስግኖ። ምናልባት ደቀይ መዓረይ! ምናልባት ክልተ ኴንና ኢልኩም ከይተስተማስሉ። እቲ ንዓኹም ኣምላኽ ሂብኩም ዘሎ ጸጋ ካብ ብዙሓት ኣሕዋት ይዓቢ። ብእኡ ደኣ ኣመስግኑ። ከተስተማስሉ እንተ ጀሚርኩም ንዓይን ንባባኹም ትጐድኡ ምህላውኩም ዘክሩ። ምስዛ መወዳእታ ዓመት ዕድመይ ተብቅዕ ከም ዘላ ይፍለጠኒ ኣሎ። እዚ ዘጠራጥር ኣይኩነን። ተስፋ ስለ ዝቘረጽኩ ኣይኩንኩን ደቐ'የ! እኳ ደኣ ተስፋይን ሓጐሰይን መሊኡ ከም ጸሓይ ወጋሕታ ቅድድ ኢሉ ወጺኡ ኣሎ። ሰብ ኣብ ህይወቱ እዘን ነገራት እንተ ረኺቡወን ናይ መሬት ዕድሚኡ ዳርጋ ዝወደአ እዩ። መዓልተይ እንተ ዘይቀርብ ክንዲ'ዚ ሓጐስን ተስፋን ኣይምመልኣንን መሰለኒ። ኣብ መንጎ ትምህርትኹም ከይፍለ እፈርሕ ነይረ። ግን ካብ ዝፈራሕኩዎ ኣይወጻእኩን። ነብሰይ ይነግረኒ ኣሎ። ሓደራኹም! ሓደራኹም! ሓደራኹም! ብኣይ ኣመኽኒኹም ከይትሓምቁ ወይ ከይትተርፉ። ነፍሰይን ነፍሲ ባባኹምን ቅቸስን ምእንታን ሓይልኹም ኣይተጉድሉ። ከምታ ባባኹም ክፍለ ንሓድሕድና ተጸናኒዕና ዝኸኣልናዮ፡ ድሕረይ'ውን ከምኣ ኩኑ። ከም ንቤትና ንኹሉ ይኹን። ህይወትና ይውሓዳ ይብዝሓ ምቁራት'የን። ኣብ ዓራት ዝደቀስክዎ'ውን ውሑድ ኣይኩነን'ሞ ንዕረፍተይ ደኣ ጸልዩ።

ኩሉ ወላዲ ክንዲ'ዚ ናተይ ናብዮት፡ ክንክን፡ ሓልዮት፡ ፍቕሪ፡ … ካብ ደቁ ይረክብ እንተ ኹይኑ ዕድለኛ'ዩ። ካብቲ ኢደይ ኢድኩም ይዓቢ። ሕጂ እንታይ ዘይገበርኩሙለይ ትደልዩ? እስከ ንገሩኒ? እንታይ ዝተረፈትኩም ኣላ? ሕሰቡ'ስከ ግዜ ክህበኩም…። ርግጸኛ እየ ዝረኸብኩሞ ነገር የለን። ምናልባት ሓንቲ እትመጽኣኩም ጥዕናይ እያ። ንሳ ኸኣ ኣይዓቕምኹም እያ። ጥዕናን ትንፋስን ናይ ፈጣሪ እየን። ልዕሊ እቲ ሰብ ዝገብሮ ጌርኩሙለይ። ደቅኹም ከማኹም ይኹኑለይ ጥራይ። ብልበይ ዝምርቐኩም እንቋዕ ኣይትርእዩ። ምረቓይ ብዕለት ፈልየ ክብጽሓልኩም ኣይጸላእኩን። ኣነ ኣይመነኹኹምን፡ ቃንዛይ ግን ትጅምረኒ ኣላ። እንተ ጀሚራ ኸኣ ከምታ ትፈልጡዋ እያ። ብጽንዓትኩም ኣርኣያ ኹኑ። እዚ ዝመጽእ ሓድሽ ምዕራፍ ናይ ቤትና እዩ። ናትና ስለ ዝኾነ ብሓጐስ ተቐበልዎ። ኣነ ኩነ ባባኹም ከምኣ እንተ ጌርኩም ኢና እንቐስን።

ንኹሎም ፈተውትና ምስጋናይ ኣብጽሑለይ። ኣቢ ወደይ! ኣውራ ንዳሃብ። ሓንቲ መዓልቲ ጽብቕትን ወረጃን ምኳና ነጊረካ ኣይፈልጥን እየ። ብኽፋእ ዘይኩንኩ መስሓቒ ክኹነና ኢለ'የ። ሕጂ ግን ብልበይ ፈትየያ፡ ተመንየያን መሪቐያን እየ። ሳሪ ጓለይ እታ ናተይን ናይ ሓውኽን ዝዓበየት እንኮ ዘይትፈልጥያ ምስጢርና ንሳ'ያ። ኣይትሕዝልናን ትኹኒ። ከም ሓውኺ ኣፍቅርያ፣ ደጊም ሳልሰይትኹም ንሳ'ያ። ይእከለኒ በሉ!

ዝረሳዕክዎ'ባ ኣቢ እተን ትማሊ ንሳራ ካብ ጁባኣ ዝወሰድካላ ምለሰላ… ክክክ።

ፍቱው እተብለኩም ማማኹም!

ሳራ ሰሎሞን



## ሓድሽ ዓመት፡ ንስጋደ ንኣእምሮ

*22* ታሕሳስ *2024*

ጐደና ሓርነት

ቀሪ ታሕሳስ ግዝኣቱ እናሓየለ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ድሕሪ ሰዓት ሸዱሸተ ዝወርድ ኣሰሓይታ ደራሪብካ ጥራይ ኢኻ እትጻወሮ። ኣብ ሞደርና ካፈ ኮይነ'የ ሰብ ዝጽበ ዘለኹ። ኣብቲ ገበላ ስለ ዘለኹ ኩሉ ምንቅስቓሳት ናይ ጐደና ሓርነት ብህዱእ መንፈስ እየ ዝከታተሎ ዘለኹ። ዝበዝሐ ሰብ ጃኬቱ ደራሪቡ'ዩ ካብን ናብን ዝብል ዘሎ። ምጭውቲ ከተማ ኣስመራ ድማ ንሓድሽ ዓመት ንምቕባል፡ ብዝተፈላለየ ዘብለጭልጭ ነገራት ተሰላሊማ ኣላ። ንሓዳስ ዓመት፡ ሓዳስ መርዓት መሲላ ወቒባ ትጽበያ ኣላ። ደቃ ድማ ነዛ ሓዳስ ዓመት ብሰላም ክንቅበላ ንሸባሸብ ኣለና። ንኣእምሮና ዲና ንስጋና ዘዐግብ ነገራት ክንገብር ግን ሓደ ሕቶ እዩ። ዝበዝሕ ዓመታት ንስጋና ከነሕጉስ ሆ እናበልና ኢና ተቐቢልና። ፈቓዶ ኣብያተ-መዘናግዒታት ኣቲኻ ብምጭፋር፡ ወጋሕ ፈታሕ ብምባል ትቕበላ። ናይቲ ሆ ክትብሎ ዝሓደርካ ድማ ድኻም ስለ ዘስዕበልካ ንባሕቲ ጥሪ ኣብ ዓራት ተጋዲምካ ትቕበላ። ንስጋኻ ከተሐጉስ ኢልካ ዝሓሰብካዮ ብድኻም ተዘሪርካ ትውዕል።

ግን ክሳብ መዓስ'ዩ ንሓድሽ ዓመት ብኸምዚ ገይርካ ምቕባል ክቕጽል? ክንዲ'ቲ ንስጋና እነውጽኣሉ ወጻኢታት፡ ንኣእምሮና ኣይነውጽኣሉን ኢና። ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት ኣሽሓት ገንዘብ ንዘሩ። ንኣእምሮና ዝኸውን ሓንቲ መጽሓፍ ግን ኣይንገዝእን ኢና። ንህይወትና፡ ልዕሊ ግዝያዊ ሓጐስ፡ ነብስና ምምዕባል እዩ ዝጠቕማ። እቲ ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት ዝጠፍእ ገንዘብ፡ ናይ ሰለስተ ወርሒ ወይ ናይ ሸዱሽተ ወርሒ ኮርሳት ክወስድ ዝኽእል ገንዘብ እዩ። ንሕና ግን ኣእምሮና ብጥርሑ ገንዘብና ኣብ ምምላእ ከርስና ጥራይ ነውዕሎ። ነቲ የሕርር ዘብለና ነገራት፡ ጽባሕ ንግሆ ንዘጣዕሰና፡ ዘይውሁብ ሂብና ንጽለለሉ።

እቲ ገታኢ ዘይብሉ ግዜ ግን ደው ከይበለ ከም ፈጣን ባቡር ይሕንብብ። ሓድሽ ዓመት፡ ዓመት ዓመት ከነኽብር ዕድሜና ድማ ብድርብራብ ቍጽርታት ተደማሚሩ እቲ ከነፍርየሉ ዝግበኣና ዕድመ ሓሊፉ ብእርጋን ይትካእ። ተጣዒስካ ዘይትካእ ድማ ይኾነካ። ብኻ ዘረባ ድኻ ከም ዝበሃል ብኻ እናበልና ነሕልፎ። እዛ ናይ ሎሚ ሓድሽ ዓመትከ ንኣእምሮይ ዶ ንስጋይ እተሐጉስ ዓመት ክገብራ ከም ዘለኒ፡ ድሮ ምስ ውሽጠይ ተላዚበ ኣለኹ። ገ እናበሉኻዶ…. እዩ ነገሩ።

NA2 ወዲ ትኩእ ሳን 78

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

## ነጥበ መቕይሮ

18 ክፋል

“እቲ ዝበለጸ መግለጺ ማሰረታዊ ክብሩ ኣብ ደንጊጽ ወይ ብቓላቱ ሰሩ ዝሰደደ እዩ፡፡ እወ ንስቅያት ካልኦት ሰባት ክሳብ ክንደይ ከም ስቅያትና ገይርና ንርድኦ እዩ፡፡” - ሀርበርት ማርኪስ

“ኩሉም ሰብ ፍልጠታት ሕጂ ኣብ ትሕቲ ሓደ ግዴታ ኣለው፡፡ እወ ኣብ መጻኢ ንፈላሰፋታት እንታይ ዓይነት ባይታ ከገጽፋሉም ከም ዘለዎም ክፍለጡ ኣለዎም፡፡ እዚ ማለት ንገድሳት ክብርታት ኣብ ምፍታሕን ንላቐኛ ክብርታት ቀዳምነታት ኣብ ምስራዕን ክሕግዙ ይግባእ፡፡” - ፍሪደሪክ ኒቸ

ክብርታት ክንብል እንከለና፡ ነቶም መሰረታውያን ኣተሓሳስባታት ናይ ሰብ ልቦናዊ ኣቃውማና መግትናን ኢና እነመልክት ዘለና፡፡ ንሕና በቲ ኣብ ህይወትና ዝያዳ ኣገዳሲ ነገር ንምርካብ እንመርጾ ኢና እንገልጾ፡፡ በቶም ኣብ ህይወትና እንጸርዖም ቀዳምነታት ኢና እንገልጾ፡፡

ኣብ ህይወትና ንገዛዘብ ልዕሊ ኹሉ ነገር እንጽርዖ እንተ ኾይኑ፡ ፈቲና ጸሊእና በቲ ዘቀህልልናዮ ገንዘብ ኢና እንግለጽ፡፡ እቶም ወለፋት ሓሸሹ ሸጋራን ኣልኮላዊ መስተን ዝሰቱ ሰባት፡ በቲ ወልፎም ከም ዝገለጹ ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን፡፡

ገዛእ ርእስና ከምግን ኩዩና ትሰማዓና እንተ ኾይና - ፍቕሪ ዓወት ወይ ጥልቂ ቅርበት ዝጉበኡና ኩዩናም ኣይሰምዐናን እዩም፡፡ እዚኦም ተመሊሶም ብመንገዲ ተግባርና፡ ቃላትና ከምኡ እውን ውሳኔታትና መን ምዃንና ይገልጹና፡፡

ኣብ ገዛእ ርእስና እንገብሮ ለውጢ ኣብ ኣሰራርሓ ክብርታትና ለውጢ ከም ዘስዕብ ክንግንዘቦ ይግባኣና፡፡ ሓደ ትራጀዲ ከጋጥመና እንከሎ፡ ሕሪ ሕራይ ገይሩ እዩ ዘሸነፍና፡፡ እቲ ምኽንያት ግዲ ስለ ዝተሰምዓና ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሓደ ክብሪ እንሆ ዝበርና ስለ ዝሽሰርና እውን እዩ፡፡

ነቲ ክብሪ እንሆ ዝበርና ክሽሰር እንከሎና፡ ንኽብሪ ህይወት ንባሉ ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትዎ ኢና እንጀምር፡፡ ንመጻምደትኻ ክብሪ ክትህብ ግድን እዩ፡፡ ንሳ ብሞት እንተ ተፈልያትካ፡ ህይወትካ ምሉእ ብምሉእ ዝሓወት ኩዩና ክትሰምዓካ ትኽእል እያ፡፡ ንሽካ መን ምዃንካ ናብ ምሕታት ክትሰግር ትኽእል፡፡

መጻስ እዚ ጥራዩ ንኽብርታትካ ከም ሰብ ኣብ ምልክት ሕቶ ተእትዎ፡፡ ነቲ ብዙሓ ዓለም ዘለካ ፍልጠት ከይተረፈ ኣብ ምልክት ሕቶ ከተእትዎ ትኽእል ኢኻ፡፡

ሳዕቤን ናይ እዚ ከቶ ቀሊል ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡፡ ናብ ናይ ህላወ ቅልውላው፡ ከምኡ እውን ናይ መንነት ቅልውላው ክሽምመካ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ እንታይ ክትኣምን ከም ዘለኻ፡ እንታይ ስምዒት ክሓድረካ ከም ዘለዎ ወይ እንታይ ክትሰርሕ ከም ዘለካ ክወዳበረካ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ መወዳእታ ግዱ ገለ መዋጽኦ ክትምህዘ ይግባእ፡፡

ኣብ እዛ ዓለም ብህይወት ክሳብ ዝሀለኻ ማእለያ ዘይብሎም ምኽርታት ክሽንፉኻ ይኽእሉ እዮም፡፡ ምኽሪ ኣይደሃኣን እዩ፡፡ ኣብ መወዳእታ ግዱ ኾናይ ምኽሪ ክትቕበል፡ ኾናይካ ክትሕግዝ ከም ዘለካ ንሻኻ እዩ ዝምልከት፡፡

እዞም ዝስዕቡ ምኽርታት እንተ ዚጥምሞኻ ኾንኣም ኩን ምትቐባልካ ትኽውን፡



- “ህይወት ማለት ናትካ መዝበሪ ገዛ ምውናን ከምኡ እውን ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ዝጠቐመካን ምስ ሸምገልካ ዋሕስ ዝኾነካን ገንዘብ ምውህላል እዩ፡፡”
- “ህይወት ማለት ንቕድሚት ምምራሽ ገዛእ ርእስኻ ምርግጋጽ ከምኡ እውን ሰባት ከም ዘኽብሩኻ ምግባር እዩ፡፡”
- “ዓወት ኣብ ህይወት ክሳብ ክንደይ ህቡብ ኴንካ ወይ ክንደይ ሰባት ኣፍቂሮምኻ እዩ፡፡”
- “ብዒዩኒ ኣምላኽ ክብር ስለ ዝኾንካ ኣኻሊ እዩ፡፡”
- “ዓወት ኣብ ህይወት ብገዝዘብ እዩ ዝምዘን፡፡”
- “ህይወት ማለት ሕጉስ ምዃን እዩ፡፡”
- “ጥዕና እንተ’ልዩ፡ ካልእ ኣየድልየካን እዩ፡፡”
- “ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ብዘይካ ኣእምሮኻ ኩሉ ነገር ክወስዱልካ ይኽእሉ እዮም፡፡”
- “ህይወት ማለት ምስ ካልኦት ሰባት ምክፋልን ምፍቃርን እዩ፡፡”

ተጉዓዝቲታትካ፡ ኣረኣእያኻን ባህርያትካን መብዝሕትኡ ግዜ ክብርታትካ ምስ ነገራት፡ ሓሳባት ወይ ሰባት እተኣሳሰሩ ብዝሀ ምኽንያም የመልክቱልካ እዮም፡፡ እቲ ኣብርቱዕ ሰራሑ ነገራዊ ሃብቲ ወይ ኣብ ባንኪ ብርክት ገንዘብ ከዋህልል ዝደሊ ሰብ ምስ ነገራት እተኣሳሰረ እዩ፡፡

ብኻልእ ሸነኽ ገለ ሰባት ምስ ሓሳባት፡ ክልሰ ሓሳባትን ኣምራትን ክቱር ፍቕሪ ኣለዎም፡፡ እዞም ሰባት ስትራተጂታት ሓንጺጾም ንእተሓለለኹ ግድላት ፍታሓት ይፈጥሩ፡፡ ከም እዚኦም ዓይነት ሰባት ምስ ሓሳባት እተኣሳሰሩ ክብርታት ዘለዎም እዮም፡፡

ምስ ካልኦት ምስራሕ ወይ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ እትህልወሉ ብሓቂ ባህታ ዝፈጥረልካ እንተ ኾይኑ፡ ክብርታትካ ምስ ሰባት‐እተኣሳሰሩ ተባሂሉም ይፍለጡ፡፡

ድምር ናይ እዞም ሰለስተ ክብርታት ክህልወካ ክትብህግ ዘይከኣል ኣይኮነን፡፡ የግዳስ ካብ እዞም ሰለስተ ክብርታት ዝያዳ ኣገሊሕካ እትርእዮ ክህልወካ ይኽእል፡፡ ንሽካ ምስ ኣየናይ ክብርታት ኢኻ ብቐዳምነት እትተኣሳሰር?

ንኽብርታትና ምጽራይ ኣገዳሲ መዳይ ርእሰ ምፅባና እዩ፡፡ እናሓንሽእ ንኣገደስቲ ምርጫታት ህይወትና ብማሰረት ጸቕጢ ማዕከን፡ ብሓለፍትና ወይ ሓይሊ ፕሮፓጋንዳ ውሳኔታት ንህቡም ኢና፡፡

ንህይወትና በቲ ብሓቂ ቅኑዕ ኢልና እንኣምነሉ መንገዲ ኣብ ክንዲ እንመርሓ፡ በቲ ካልኦት ሰባት ካብና ዝጸበይዎ እንመርሓ ውሑዳት ኣይኮንናን፡፡ ብዙሕ ግዜ ኣተሓሳስባን ትጽበታትን ሕብረተሰብን ካልኦትን ብብዙሕ ሸነኽ ንውልቃዊ ክብርታትና ይጸልውዎ እዮም፡፡ ምእንቲ እዚ፡ ምትእስሳር ክብርታትና ብገዛእ ርእስና ዝምራሕ ዘይኮነ ብኻልኦት ሰባት ዝምራሕ ይኸውን፡፡ እቲ ርዱእ ወጽኢት ድማ፡ ኣብ ማሰርሒ ክብርታትና ስምዒት ዘይውሕስነት ይሰምዓና ወይ ብቐለሉ ሸቖጥቆጥ እንብል ንኸውን፡፡

ዊልያም ኣርተር ዋርድ ብዛዕባ ህይወት ሰፊሕ ጽሑፋት ኣበርኪቱ እዩ፡፡ ንሱ ንህይወት ብሓጺር ክገልጾ እንከሎ፡ ከም እዚ ዝስዕብ ጽሒፉ ነይሩ፥

- ዕንደራ ህይወት ንምምሃር እዩ፡፡
- ዕላማ ህይወት ንምፅባይ እዩ፡፡
- ተፈጥሮ ህይወት ንምልዋጥ እዩ፡፡
- ብደሆ ህይወት ንምውጋድ እዩ፡፡
- እንታይነት ህይወት ንምሕላይ እዩ፡፡
- ዕድል ህይወት ንምግልጋል እዩ፡፡
- ምስጢር ህይወት ንምትብፅ እዩ፡፡
- ቀመም ህይወት መሓዛ ንምዃን እዩ፡፡
- ጽባቐ ህይወት ምሃብ እዩ፡፡
- ባህታ ህይወት ምፍቃር እዩ፡፡

## ሕቶ ክብርታት

ብዛዕባ ውልቃዊ ስርዓት ክብርታትካ ንቑሕ ምስ ኩንካ ብኸመይ ኣብ ተግባር ከም እተውዕሎን ምስ ተገንዘብካ፡ ኣብ ክንዲ ካልኦት ሰባት ንስርዓት ክብርታትካ ከመሓድርዎ እተፍቅደሎም፡ ባዕልኻ ከተማሓድሮ ይግባእ፡፡

ሃንተር ሉዊስ ኣብ እታ፡ “A Question of Values” ዘርእስታ ብልጽቲ መጽሓፉ ብዛዕባ ኣገዳስነት ምምሕዳር ገዛእ ክብርኻ ኣዕሚቑ ጽሒፉ ኣሎ፥ “ሰባት ብዛዕባ ገዛእ ክብርታቶም ክሓስቡ የድልዮም እዩ፡፡ ብዛዕባ ክብርታትና ኣዕሚቕና ንሓስብ፡ ንሰለ ገዛእ ርእስና ንሓስብ፡ ውልቃውያን ክብርታት እምብዝ ኣገደስቲ እዮም፡፡ ብዘይክብርታት ኩቶ ህይወት ከስተማቕር ኣይንኽእልን ኢና፡፡ ብዘይክብርታት ዕላማ ዘለዎን ኣዕጋብን ህይወት ክህልወና ማለት ዘበት እዩ፡፡”

**ንላቐኛ ክብርታትና ብኸመይ ክንጽልዎም ንኽእል? እቲ ብዶክተር ኤሰ ሳይመን እተባህለ ሊቕ ዝማዕበለ ‘ምንጻር ክብርታት’** ኣብዚ መዳይ ሓጋዚ እዩ፡፡ ዶክተር ሳይመን ዝ.ዘ ዝስዕብ ሓሳባት የቕርብ፥ “እዚ ሜላ ነቶም ንሽኻ ክትሰዕቦም ዘለካ ክብርታት ዝድርት ኣይኮነን፡፡ ንትሕዝኖን ሓይልን ክብርታትካ ኣብ ምምዝጋም ግዳ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ርእሱ ጸብጻብ እዩ ክንብሎ ንኽእል ኢና፡፡ ዝርዝራዊ ፍቕዲ ናይ መንፈስን ሩሕን እውን ክኸውን ይኽእል፡፡ እዚ ሜላ ኣብ መንጎ ኣማራጺታት ብናጻ ንኽትወስን ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ፡፡ ኣብ እቶም ንዓኻ ትርጉም ህይወት ዝህቡኻ ንኽትወስኖን ከተተግብሮን ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ፡፡

**ብማሰረት ዶክተር ሳይመን ማሰርሒ ምንጻር ክብርታት** - ንምምራጽ፡ ምሽሳምን ምትግባርን የጠቓልል፥

# ምምራጽ

- ብናጻ ምምራጽ’
- ካብ ኣማራጺታት ምምራጽ፡
- ብድሕሪ ኹሲ. ወከፍ ሳዕቤናት እቶም ኣማራጺታት እንታይ ከም ዘሎ ኣብ ግምት ምእታው፡፡

# ምሽሳም

- ምሕሳም፡ ምንኣድን በቲ ምርጫ ሕጉስ ምዃን፡፡
- ነቲ ዝወሰድካዮ ምርጫ ብዮልጺ ምርግጋጽ፡፡

#ምትግባር

- ብምርጫኻ መሰረት ገለ ነገር ምግባር ወይ ስጉምቲ ምውሳድ፡
- ኣብ ገለ ቅጥዕታት ህይወት ደጋጊምካ ምዕያይ፡፡

ቅድሚ ሓደ ነገር ሓቐኛ ክብሪ ምዃኑ ነቶም ጸኒሖም ዝዘርዘሩ ሸውዓተ ረቛሒታት ክማልእ ይግባኡ፡፡ ምሉእ ክብሪ ክህልወና እንከሎ፡ ኣተሓሳስባና፡ ስምዒታትናን ተግባርናን ኣብ ሰቲ ይዓልብ፡፡ እቲ እንሓስቦ፡ እንዛረቦ፡ ዝኾማዓና እንገጽኖ ምስ ዝኾኑ፡ ኣብ ህይወትና ብርእይ ይትግበሩ፡፡

ነቶም ሸውዓተ ረቛሒታት በሉ ቅርብ ኢልና ንርኣዮም፥

- **ብናጻ ምምራጽ፦** እዚ ማለት ነቶም ምርጫታት ብንቕሓትን ደይመደይ ኢልናን ባዕልና ክንወስዶም እንከለና እዩ፡፡ ኣብዚ ደረጃ እንተ በጺሕና፡ ንጽቕጢ ወለድና ክንብደሆ ንጅምር፡፡ ንኣብነት ወለድና ዝምጽኡልና ዘይኩኑ፥ ባዕልና ንዘራረብና ክንምርዖ ንኽእል፡፡
- **ካብ ተኽእሎታት ምምራጽ፦** ኣብዚ ዝተፈላለዩ ናይ ምምራጽ ናጽነት ኣለዉኻ፡ ተኽእሎታት እንተ ዘይሃልየም ናይ ምምራጽ ናጽነት የብልካን ማለት እዩ፡፡ ንኣብነት ንምስትንፋስ ከም ክብሪ ክትወስዶ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ካብ ምስትንፋስ ወጺኢ ካልእ ምርጫ የብልካን፡፡ ክትነብር እንተ ኾንካ፡ ግድን ኢኻ ክተስተንፍስ ዘለካ፡፡ የግዳስ ኣብ እምባ ተሰቒልካ ናይ ምስትንፋስ ኣጋጣሚ ወይ ከኣ ንፍሉይ ቴክኒክ ኣተናፍሳ ከም የጋ ኣብ ክብርታትካ ከተእትዎም ትኽእል ኢኻ፡፡
- **ድሕሪ ምምራጽ ምስልሳል፦** ንሳዕቤናት እቲ ጉዳይ ምስ መመኻ ምምራጽ ኣገዳሲ እዩ፡፡ “ካብ እዞን ተኽእሎታት ዝመርጽ ዘለኹ እንታይ ወጽኢት ንኽህበኒ እዩ?” ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ሕተታ፡፡ እዚ ነቲ ምርጫ ድሕሪ ብዙሕ ምስልሳል ንኽትወስዶ ዕድል ክህበካ እዩ፡፡ እወ ብስምዒት ተሃንዲድካ እትወስዶ ምርጫ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ሓደጋ እዩ ዘእትወካ፡፡

እቲ እንወስዶ ስጉምቲ ንዓናን ንኻልኦትን ዘይሃሲ ብዛዕባ ምዃኑ ብዙሕ ክንሓስበሉ ይግባእ፡፡ ንኣብነት ገለ ሰባት ብስምዒት ናብ ፍትሕ ሓዳር ይህንደዱ፡፡ ጸኒሖም በቲ ዝወሰድዎ ህዉኽ ስጉምቲ ዕምርም ምሉእ ክጠዓሱ የሕልፍዎ፡፡

- **ብምርጫኻ ምሕጓስ፦** ቅኑዕ ምርጫ ኣብ እትወስደሉ፡ ኣመና ሕጉስ ኢኻ እትኸውን፡፡ ንኣብነት ሓደ ንበረት ቀልጢፍካ ምስ ገዛእካ፡ እቲ ንበረት ንጽባሒቱ ከም ዝኸበረ እንተ ፈሊጥካ፡ ብቕኑዕ ውሳኔኻ ኣመና ኢኻ እትሕጎስ፡፡
- **ንኽብርኻ ብዮልጺ ምርግጋጽ፦** እዚ ማለት ብዛዕባ ክብርኻ ንኻልኦት ሰባት ክትዛረብ ፍቓደኛ ምዃን እዩ፡፡ ገለ ሰባት እሞ ኾኑ ንኽብርታቶም ዘመት የካይድሉ እዮም፡፡ እዚ ክንብል እንከለና፡ ንኽብርታትና ኣብ ልዕሊ ካልኦት ክንጽዕኖ ቅቡል ዘይምዃኑ ምዝርርኻር ግቡእ እዩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ ናጽነት ምርጫታቶም ኢና እንኣቱ ዘለና፡፡
- **ኣብ ክብርኻ ገለ ምግባር፦** እዚ ማለት ንትግበረ ምንቅስቓስ እዩ፡፡ ምሉኣት ክብርታት ማለት እቶም ኣብ ባይታ ብስራሕ ዘረጋገጽናዮም እዮም፡፡ ምእንቲ’ዚ፡ ሓደ ሰብ ዝዕደዮ ንኽብርታቱ እዩ ዘንጸባርቖ፡፡ ንኣብነት፡ ንኽብርታትና ዝዝንጸባርቑ ሱቱ ጽሑፍ ሃንብበ፡ ኣብ እቶም ከም ናትና ክብርታት ዘለዎም ክለባት ንጥርናፍ፡፡
- **ደጋጊምካ ምዕያይ፦** ርዱእ ዝኾነ ቅጥዒ ህይወት ኣለዎ፡፡ እቲ ክብሪ ብዙሓቐለ መጠን ኣብ ህይወትካ ዝለዓለ ጽልዋ ይህልዎ፡፡ እቶም ብተደጋጋሚ እትወስዶም ተግባራት፡ ንእንታይነት ህይወትካ ኣጉሊሖም የውጽእዎ፡፡ ምርጫ ኣከዳድናኻ፡ ዓርክ መሓዛትካ፡ እትነብረሉ ቦታ፡ ግዜ ዕረፍትኻ፡ እተንብቦም መጽሓፍቲ፡ እትሰርሓሉ ቦታ፡ መጻምደትኻ ከምኡ እውን ብኸመይ ንግዜኻን ገንዘብካን ትጥቀመሉም ንእንታይነትካ ጋለሆም እዮም ዘውጽእዎ፡፡

“እቶም ንሕና ከም ዝያዳ ኣገደስቲ እንቖጽሮም፡ ንዋታውያን ኣይኮኑን፡፡ መዚቃ ወይ ስምዒታት ወይ ፍቕሪ … ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ንሕና ዝያዳ ክብሪ እንህቦም፡ እቶም ንሕና ክንርእዮም ወይ ክንደህሶም ዘይንኽእል እዮም፡፡” - ጁዲ ኮሊንስ

“ሞራላውያን መምርሒታት መብዝሕትኡ ግዜ ካብ ድሌታት፡ ባህግታት ከምኡ እውን ክብርታት እቶም ሰዓብቶም እዮም ዝምንጩው፡፡” - ጀምስ በርንስ



**ይቕጽል**

# ኣብ 1916 ዝተሃንጸ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ድርፎ

**ብስራት ተማሰን**

ብግዜ መግዝእቲ ጥልያን ኣብ ዝተፈላለዩ ከርንዓት ኤርትራ ዝተፈላለዩ ምዕባሌታት ትሕተ-ቅርጺ ከም ዝበሩ መዘክርቲ ታሪኽን ክሳብ ሕጂ ዘለዉ ህንጻታትን ህያዉ ምስክር እዮም። እዞም ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ዝተራእዩ ምዕባሌታት፡ ኣብ ኣፍሪቃ ካብቶም ጉሊሖም ዝርኣዩ ዝበሩ እዮም። ኢጣልያውያን መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ ዓበይቲ ስርሓት ትሕተ ቅርጺ ሃኒጾም እዮም። ብፍሉይ ዝጥቀሱ ቅዲ ህንጻ ኣርት ዴኮ ኣብነት ናይዚ እዮም። ገለ ካብኣቶም



ቀዳመይቲ ተርባይን

ኣብ ኤርትራ ብኢጣልያውያን ግዝኣት ዝተሃንጹ ትሕተ-ቅርጺ፡ ኣብ 1916 ኣብ ኣስመራ ከባቢ ድርፎ ዝተሰርሐ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት (Hydro-electric Energy) እዩ። እዚ ብንኡስ መጠን ዝተዋደደ መመንጨዊ ጸዓት'ዚ ኣብ ኣፍሪቃ ናይ ፈለማ ምንባሩ ይንገረሉ። ንኣተሃናንጽኡ ዝምልከት፡ ተመራማሪ ቅርስታት ሱ-ጥንቲ ኮ/ል ዳዊት ኣርኣያ ዝሃቦ ሓበሬታ ናባኹም ኑቦ - ሰናይ ንባብ፦

ቅድሚ ፕሮጀክት ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ኣብ መሬት ምትካሉ፡ ኣገዳሲ ዝኾነ መጠራቐሚ ማይ ዲጋታትን ራህያታትን ክህሉ ኣለዎ። በዚ ምኽንያት ድማ፡ ዲጋ በሎዛ ዓዲ-ንፋስ፡ ዒላናህባን ማይ-ዐብልን ቀዳሞት ክሰርሓ እንከለዋ፡ ሰዒበን ድማ ካልኦት ዲጋታት ከም ዝተሰርሓ መዛግብቲ ይሕብሩ። ኣብ'ዚ ክብን ለጠቕን ዝበዝሖ ቅርጺ መሬት፡ ኑቲ ኣብ ዝተፈላለየ ተጠራቒሙ ዘሎ ማይ ናብ ዲጋ በሎዛ ንምምጻእ ሓደ ማሰርሒ ክትግበር ነይሩዎ። ንሱ ድማ ናይ ፓምፓ ግዛ ብምስራሕ ኑቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ማይ ስሒብካ ናብ በሎዛ ከም ዝውሕዝ ምግባር እዩ። ኣብ'ዚ፡ ብፕሮጀክት ከም ዓቢ መጠራቐሚ ዲጋ ዝተሓሰበ እንተ ሃልዩ፡ ዲጋ በሎዛ እዩ። እተም ዝተረፉ ዲጋታት ከኻ ዒላታት ከም መጉብቲ ናይ'ዛ ዲጋ ኩይናም፡ ብፖምፓ የገልግላ። ቀዳማይ ገጽ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ምስ ተፈጸመ ቅኒት ናይቲ ስራሕ ናብ ምትካል ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት'ዩ ኣንፈቱ። ኣብ ሰለስተ ቦታታት ከኣ ዓበይቲ ባኞታትን ፖንፓታትን ተሰሪሖም። ቀዳማይ ባኞ ኣብ ከባቢ ዲጋ በሎዛ ክስራሕ ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ካብ በሎዛ ወጻኢ ኢልካ ኣብ ዝርከብ ቦታ ሰፊሕ ዝበለ ባኞ ተሰሪሑ። እቲ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ባኞ ድማ፡ ትሕቲ ቀዳማይ መመንጨዊ ጸዓት ተሰሪሑ ይርከብ። ነዚ ባኞታት ምስ መመንጨዊ ጸዓት መራኸቢ ክኾኑ ዝኽእል ቱቦታት ከምኡ'ውን ካናሌታት ከም ዝተሰርሐ ድማ ኮ/ል ዳዊት ኣርኣያ ይገልጽ።

1915 ዓ.ም፡ ኣስመራ ብኸሉ መዳይ ትዓብየሉን ትሰፋሓሉን ዝነበረት መድረኽ'ዩ ነይሩ። በዚ ከኣ ኣብ ኣፍሪቃ ከም ሓንቲ ሞዴል ከተማ ክትከውን በቒዓ'ያ። ንእሽተይ ሮማ ተባሂላ'ውን ትጽዋዕ ነይራ። ኣብ'ቲ እዋን ከተማ ኣስመራ 20 ሽሕ ተቐማጦ ከም ዝነበሩዋ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ። እዚ ብርቂ ሓሳብ ምውዳድ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ኣብ ድርፎ ድማ፡ ንተቐማጦኣ ንመብራህቲ የገልግል ነይሩ። ድሒሩ ዝመጽኣ ምዕባለ ኢንዱስትሪታት ግን ኑቲ ጠለብ ሓይሊ ኤለክትሪክ መሊሱ ኣብሪኽዎ። በዚ መንጽር ድማ ኣብ ድርፎ ተወሳኺ ጸዓት ዘመንጩ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ክትከል ነይሩዎ።

ኣብ ድርፎ ዝተተኽለ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት፡ ብሰንኪ ቅርጺ መሬት ናይ'ቲ ከባቢ ዘይጥጡሕን ኣጻድፍን ብምዃኑ፡ ንምስርሑ ኣዝዩ ኣጸጋሚ'ዩ ነይሩ። ኑቲ ጸገም ንምፍታሕ ድማ፡ ንህንጻን ካልእን ዘገልግሉ መሳርሒታትን ንብረታትን ብገመድ ቴሌፌሪክ ካብን ናብን እናተሰዱ፡ እቲ ዕዮ ከምዝዘዘም ተገይሩ። እቲ ኣብ 1915 ዝጀመረ ፕሮጀክት ድማ ኣብ 1919 ምሉእ ብምሉእ ተጻፊፉ ንኣገልግሎት ድሉው ኩይኑ።

ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ቀዳማይ ገጽ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ኣብ ኣስመራ፡ ካብ 1919 ክሳብ 1936 እዩ ተዘርጊሑ። ንኣብነት፡ ኣብ 1919፡ እቲ ብ'ኣዜንዳ ኤልክትሪክ ዴላ ጎቨርናቶረ' ዝፍለጥ ዝነበረ ትካል፡ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ምፍራይን ምዝርጋሕን ናይ ኤሌክትሪክ ጸዓት ዓቢ ተራ ተጻዊቱ።

ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ኣብ ዓመታዊ መጠነ ዝናብ እዩ ዝምርኮስ፡ ናይ'ተን ኣቐዲመን ኣብ ናይ ጸዓት ማእከላት ዝተተኽላ ሞተረታት፡ ክሳብ 400 ኾልት ካብ መንጨ ዝኽእል ዓቕሚ ጥራሕ ከምዝነበረ ይግለጽ። እንተኾነ ግን ኣብ 1933 ኣብ ባጽዑ ድርፎን ኣስመራን ዝርከብ ናይ ጸዓት ማእከላት ኑሓድሕደን ብምትሕሓዝ ቀረብ ናይ ኤሌክትሪክ ጸዓት ናብ 2500 ኾልት ከም ዝዓቢ ተገይሩ። እቲ ዓቕን ኣዝዩ ውሑድ'ኳ እንተነበረ፡ ንውሑዳት ትካላትን መብራህቲ ከተማታትን ከገልግል ክኢሉ'ዩ። ኣብ 1924 ድማ ኣብ ማእከላይ ክፋል ኣስመራ፡ ብሎዳ ዝሰርሕ ናይ ጸዓት ማእከል ከም ዝተተኽለ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ።

እቲ ካልኣይ ገጽ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ኣብ ኣስመራ፡ ካብ 1936-1975 ዓ.ም ደሸፍን እዩ ነይሩ። ኣብ 1930 ኣብ ኤርትራ ምስ ቅልጡፍ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለን ዕበየት ብዝሒ ህዝብን ተተሓሒዙ፡ ጠለብ ኤለክትሪሲቲ ንምምላእ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ከምዝነበረ ይሕበር። ይኹን'ምበር ምምሕዳር ኢጣልያ፡ ኣብ ጸዓት ሰር በዞኛዊ ለውጢ ከምጽእን ኣቐዲመን ዝተተኽላ ናይ ጸዓት ትካላት ብሓድሽን ዝሓየለን ኣገባብ ክትትክእን ወሲኑ። ከም ወጽኢቱ ድማ፡ 'ብ'ሴዳው' ዝፍለጥ ትካል፡ ኣብ 1935 ኣብ ሮማ ተመስሪቱ። ኣብ ተመሳሳሊ ዓመት ድማ ኣብ ኣስመራ ትካል ሴዳው ብምኽፋት፡ ኣብ 1936 ኤሌክትሪካዊ ጸዓት ናብ ከተማታት ኣስመራን ባጽዕን ክዝርግሕ ጀሚሩ። ከተማታት ከረን፡ ደቀምሓረ፡ ዓዲ-ቐይሕን ዓዲ-ኳላን ድማ ብኡኤል ዝፍለጥ ካልእ ትካል ናይ ጸዓት ኣገልግሎት ክረኽባ ጀሚረን። ኣብ'ቲ ግዜ ድማ እዘን ክልተ ትካላት ማለት ሴዳውን ኡኤልን ኣብ ኤርትራ እናተሓጋገዛ ናይ ጸዓት ኣግልግሎት ክህባ በቒዐን። እንተኾነ፡ እቲ ቀረብ ኤሌክትሪክ እኹል ብዘይምንባሩ ናይ ኑዳኒን ናይ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓትን ምምዕባል ኣገዳሲ'ዩ ነይሩ።

እቲ ኣብ በሎዛን ማይ ዐብልን ዝነበረ ዓቕን ማይ፡ ኣማኢት ኣሽሓት ኪሎ ዋት ከፍሪን ከውሕስን ዓቕሚ ኣይነበሮን። ኑቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ዝመጽእ ዝነበረ ቀረብ ኤሌክትሪካዊ ጸዓት ኣብ ኤርትራ ቅልጡፍ ፍታሕ ክርከብ ስለዝነበሮ ግን፡ ትካል ሴዳው፡ ረስናዊ ጸዓት ኣብ ምምዕባል ኣተኩሩ ክሰርሕ ጀሚሩ። ከም ወጽኢቱ ድማ፡ ዝተፈላለዩ ናይ ጸዓት ሞተረታት ብዓወት ክትከሉ ከምዝተኻእለ ኮ/ል ዳዊት ምስ ታሪኻዊ ሰነዳት ኣተኣሳሲሩ ይገልጽ።

ኣብ 1936፡ ሓንቲ ካብ ናይ ቀደም ዲጋታት ዝኾነት ዲጋ ዒላናህቡ፡ ምሉእ ብምሉእ ንዝስተ ማይ ጥራይ ከምእተገልግል ኩይና ክትሕጸር ተገይሩ'ዩ። እተን ዝተረፋ ክልተ ዲጋታት ማለት ዓዲ-ንፋስ፡ ማይ-ዐብልን ግና ዓቕመን ደረት ብምንባሩ፡ ውሕዱ ማይ ጥራይ'የን ክቐርባ ዝኽእላ ነይረን። ምስ ምጉዳል መጠኑ ማይ ኣብዘን ንኣሽቱ ዲጋታት ከምኡ'ውን ዋሕዲ ዝናብ ተተሓሒዙ ከኣ፡ ካብ ድርፎ ዝምንጩ ዝነበረ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ክገድል ክኢሉ። ብሰንኪ'ዚ ድማ፡ ኑቲ ኣብ ኤርትራ ዝኾየሰ ዝነበረ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለ ክዅትእ ስለ ዝኽእሉ፡ ዝሓሸ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ንምርግጋጽ ዘኽእል ኣገዳሲ ጉዳይ ክኸውን ክኢሉ።

ኣብ 1938፡ ትካል ሴዳው፡ ካብ ማይ ዝምንጩ ኤለክትሪካዊ ጸዓት ንምፍራይ ጸዕርታቱ ኣሰፍሐ። ኣብ 1941 ድማ ዲጋ ዓዲ ሸዃን ካልኦት ኣብ ከባቢኣ ዝተሃንጻ ንኣሽቱ ዲጋታትን ተሰሪሐን። ካብ 1942 ክሳብ 1943 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ድማ መመንጨዊ ጸዓት ማይ-ጸሊምን ሳብርጉማን ከምዝተተኽለ ኩይኑ። መመንጨዊ ጸዓት ሳብርጉማ ኣብ ከባቢ ጊንዳዕ ዝተተኽለ ኩይኑ ንውሓት ናይቲ መጋቢ መንጭዕጭዒታ፡ ክሳብ 947 ሜትሮ ይበጽሕ።

ፕሮጀክት ማያዊ ጸዓት ድርፎ-ጊንዳዕ ካብ ከባቢ ድርፎ መትረብት ብምህጽ ኣብ 1952 ጀሚሩ። ጎደኒ ጎደኒ'ዚ ኸኣ ኣብ ድርፎ ኑቲ ዝነበረ መመንጨዊ ጸዓት ክልተ ተወሰኽቲ ሞተረታት ከምዝወሰኾ ተገብረ። ኑቲ ዝነበረ መሳርሒታት'ውን ብዝተመሓየሸ ከምዝተካእ ኩኑ። እንተኾኑ ፕሮጀክት ድርፎ-ጊንዳዕ ኣብ 1961፡ ብሰንኪ ባጀትን ዓቕሚ ሰብን ከምዝቋረጽ ተገብረ። ከም መተካእታኡ ከኣ ብሎዳ ዝሰርሕ ረስናዊ መመንጨዊ ጸዓት ኣብ በሎዛ ተተኽሉ። እቲ ኣብ 1919 ዝተሃንጸ ናይ ድርፎ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ግና፡ ምስ ኩሉ ጸገማቱን ብድሆታቱን ክሳብ 1975 ዓ.ም ትሑት ዓቕሚ ዘለዎ ኣገልግሎት እናሃበ ቀጺሉ።

እንተኾኑ ኣብ 1974 ስልጣን ዝሓዘ ስርዓት ደርጊ ኑቲ ኣብ ኤርትራ ብበሕቲ ዝውሃን ዝነበረ ትካላት ኣብ ቁጽጽሩ ስለ ዘእተዎ፡ ቀረብ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ክበርክትን ኣገልግሎቱ ክድረትን ተገዲዱ እዩ። ንኣብነት፡ ስርዓት ደርግ ኑቲ ብኢጣልያውያን ኣውፊርቲ ዝውሃን ዝነበረ ትካል ሴዳው ከይተረፈ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ስለ ዘእተዎ፡ ቀረብ ኤለክትሪክ ከተማታት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ክኢሉ'ዩ። እቲ ዲጋታት እናሃጸኣ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ብምፍራይ ንሓያለ ከተማታት ኤርትራ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ዝወሃብ ዝነበረ ድማ እናንቁልቁለ ከደ።



ኮ/ል ዳዊት ኣርኣያ


ማያዊ መመንጨዊ ድርፎ ልዕሊ ሓደ



ኣፍ/ር ሃብታይ ግደ

ዘመን ገይሩ ኣሎ። ኣብ ግዜ ምምሕዳር ጣልያን፡ ኣብ ምዕባለን ቀረብ ኤለክትሪክን ዝበሮ ተራን ኣበርክቶን ልዑል ምንባሩ ዘይሰሓት ሓቂ'ዩ። ብመሰረት ሓበሬታ ኮ/ል ዳዊት ኣርኣያ ተመራማሪ ሱ-ጥንቲ፡ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ድርፎ፡ ብዝበሮ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ፡ ምስ ተዋደደ ዝሓየ ዝነበረ ወጻኢታት ኣዝዩ ውሑድ ምንባሩ፡ ካብ ጉዳም ሰራሕተኛ ናይ'ቲ ትካል ዝበሩ ኣፍ/ር ኣቶ ሃብታይ ግደ ክርዳእ ከምዝኽኣለ የዘንቱ። ንኣብነት፡ እቲ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ኣብ ሰሙን ንሓንቲ ሞቶረ ሓሙሽተ ሊትሮ ዘይቲ ጥራይ የህልኽ ከምዝነበረ ኮ/ል ዳዊት ወሲኹ የብርህ። እዚ ከኣ ኣብ ከም ድርፎን ካልእ ኣጻድፍ ቦታታትን ናይ ኤርትራ ክትግበር ዝኽእል ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት፡ ሓንሳብ እንተደኣ ተዋዲዱ፡ ብሓገዝ ስሕበት መሬት (ግራቪቲ)፡ ብውሑድ ወጻኢታት ኣገልግሎት ኤልክትሪክ ክህብ ከምዝኽእል የገንዘብ።

ብኻልእ ወገኑ ማያዊ መመንጨዊ ጸዓት ድርፎ፡ ብዓይኒ ቅርሲ ምስ ዝርኣ፡ ብሰንኪ ባህርያዊ ጸገማትን ድኑዓት ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ምዕቃብ ቅርሲታትን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ በጺሑ ስለዝርከብ፡ ቅልጡፍ ቆላሕታን ዕቃብን ከጠልብ ከምዝበረሉ ተመራማሪ ሱ-ጥንቲ ኮ/ል ዳዊት ኣርኣያ ይሓብር።



ዝምዕበለት ተርባይን

ሎሚ ኣብ ER TV

ርሑስ ሓዲሽ ዓመት - 2025!
በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ርሑስ በዓል ክኾነልኩም እናተመነና፡ ናይ ሎሚ መደብና ዝ በዓል ዘንጸብርቕ ክኸውን እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

የናታን ብርሃ ምባል ተረፉ፥ የኔ የናታን ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ብርሃ መኮንን ይሕደጉ ኣደይ ዘውዲ ኣስፍሃ ከፊላ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ ርእሶም ዓንደ፡ ብዓል ቤተይ ወልደሚካኤል ደርጋኣለም ዘርኣጸየን ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሂወት ከፊላ ጉብረመድህን፡ ኣቦይ ከፊላ ጉብረመድህን ሃደለ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኤደን ምናሴ ዓንደሚካኤል፡ ስም ኣደይ ሂወት ጉብረማርያም ምባል ተረፉ፥ ሳባ ጸሃየ ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ወረደ ሃደለ ምሳሹ ወለደይ ሃደለ ምሳሽ ካሕሳይን ኣመተ ክፍለን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቅሳነት ሰመረ ብርሃ ምባል ተረፉ፥ ሰላት ሰመረ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ሰለሙን ሳህለ ጉብረእየሱስ፡ ኣቦሓጎይ ማና ሃብተጼን ንጉሰ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ዓደኒ ለገሰ ተሰማ፡ ወደይ ናትናኤል ግርማይ ተስፋጋብር ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣቦ ዑቕባዝጊ መንግስቱ፡ ስም ኣደይ ሳራ ኣርኣያ ወለሙሰ ምባል ተረፉ፥ እዝግሄርያ ሃደለ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሓምዶ ኣሕመድ ሓምዶ ምባል ተረፉ፥ ኣሕመድ ሓመዶ ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

ትሕተ፡ ዕድመ ወደይ ኣሳሂድ መሳ ምባል ተረፉ፥ በሽር ካልድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ኣብዲት ኣስመሮም መድሃኔ፡ ካብ ሄርሞን ሰለሙን እስጢፋኖስ ዝተወልደ ሓደ ውላድ ስለ ዘለኒ፡ ሄርሞን ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ኣቦት ወላዱ ክቕበል ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኣብዘየለወሉ ውሳነ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ይሕደጋ ጉብረሂወት፡ ናይ ወደይ ስም ሻም ካሕሳይ ክፍለይ ምባል ተረፉ፥ ሻም ተሸመ ታደሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ራህዋ ተሸመ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣድሓኖም መሓሪ ግርማይ፥ ምስ ወጸ 9 ዓመታት ደሃይ ስለ ዘይብሉ ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ኣብ ዘየለኻሉ ውሳነ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተኾምብያ

ወ/ሮ ርግበ ተኽለ ሓዳስ ምባል ተረፉ፥ ርግበ ብርሃ ጉብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ግደይ ጉብረመድህን ሞገስ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ጉብረእግዚኣብሄር ስምረት ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 6 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ ጎደና- ቁ ገዛ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00029334 ናይ ስ ጸባቐ ጸጉሪ ርእሲ ትካለይ ንኣቶ ናህም ሃብተሚካኤል በርሀ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ ዓዲ ጓዕዳድ ጎደና-ቁ.ገዛ - ብዕለት 25/10/2024 ቁ.መዝ 281/2024 ብውህቡቶ ስለዝሃብኩዎ፡ ብስም ወጸ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢቶ ተረካቢ ከምዝመሓለለፍ ነፍልጥ።

ሰናይት ማርቆስ ወልደጉብርኤል

---

ብስም ነ/ር ሰዒድ ሓሰን ኣማንን ነ/ር ሓምድ መሓመድ ኣበብከርን፡ ኣብ ን/ዞባ ኣኽሪያ ጎደና 159-24 ዚ.ፕ-1A159 ፕሎት 55 ፓርሰል A ቁ. ገዛ 97 ጠቕላላ ስፍሓት 200 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRSM018524 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብጽሒት ናይ ነ/ር ሓምድ መሓመድ ኣበበከርን 100 ት/ሜ ብውርሰን ምቅሊትን ከመሓልልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ከማል ሓምድ

---

ኣቶ ሓሰን ዓብዱራሕማን ዓጣ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መጽገኒን መሸጥን ናይ ኤሌትሪክ ኣቕሑ ንግዳዊ ትካሎም "ጀዳ መሸጥን መጽገንን ናይ ኤሌክትሪክ ኣቕሑ (JEDDA RETAIL&REPAIR ELECTRICAL ITEMS) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ኣነ ኣመልካቲ ጀማል ሐሴን ኢማም ዝተበሃልኩ፥ ነቲ ካብ ወላዲየይ ነፍ/ሐሴን ኢማም መሳ ብውርሲ ዝረኸቦ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ፓራዲዞ ጎደና እምባደርሆ ቁ.ገዛ 37 ፕሎት 1 ፓርሰል D ስፍሓቱ 313.21 ት/ሜ ዘኾነ ተራ-ገዛ፥ ዋንነቱ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 115893 መወከሲ ቁ.124241 ብስም ወረ/ ነፍ/ኢማም መሳን ወረ/ነፍ/ዘምዝም ኢብራሂም ዝተረጋገጸሎምኡ'ውን ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብንብረት ቁ/መዝገብ 31705/47106 ዝተመዝገበ ብመሰረት እተጉብረ ምቅሊት ውርሻ ቤ/ፍ/ሸሪዓ ዞ/ማእከል ናብ ስመይ ከመሓልልፍ ብቑ.መዝ 504/22 ብዕለት 27/04/2022 ብዘጽደቐ ውሳነ መሰረት፡ ካብ'ዚ ንብረት'ዚ ክፋሉ ብዓቐን 140.65 ት/ሜ ንወ/ሮ ትርሓስ ሞገስ ክፍለ ስለዝሸጥኩላን ናብ ስማ ከመሓልልፍ ስለዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣመልካቲ ጀማል ሐሴን ኢማም

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ምምሕዳር ከባቢ ሓድሽ ዓዲ ኣብ ፕሎት 4 ፓርሰል D 387.50 ስፍሓት መሬት 7 ቀንዲ ክፍሊ ምስ 5 ተሓጋጋዚ ዘለዎ፡ ኣብ ሚኒ/መሬትን ማይን ኣከባብን ብዕለት 26/08/2019 ብቑ.ንብረት 4BRMND001685 ብስም ወ/ሮ ሮማ ኣስመላሽ ኣብርሃ ዝተመዝገበ፡ ወ/ሮ ሮማ ስለዝሸጠትለይ'ሞ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ መቓወሚ ሒዙ ናብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ መንደፈራ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብመሰረት ውዕል መሸጣይ ናብ ስመይ ክሰጋገር ምዃነይ እሕብር።

ወልዱ ተወልደ ገ/ሂወት

---

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of Saribo P.L.Co in their extra ordinary general meeting held in December 4th the year 2024 have agreed to add new members by increasing the capital of the company.

Mrs. Solyana Yemane Yigzaw & Mrs. Rahel Teweldemedhain Zewolday have been added as new members to the company by buying 10 new shares each at the par value of Nakfa 6,000 per share.

Henceforth the capital of the company has increased from Nakfa 6,000 million to Nakfa 6,120,000 as shown in the table below with members and their shareholding.

| S/N | Name of Shareholder | No. of Shares | Share Value in Nakfe |
|---|---|---|---|
| 1. | Furtuna alazar araya | 500 | 3,000,000 |
| 2. | Amanuel Teweldemedhin Zewelday | 500 | 3,000,000 |
| 3. | Ms.Soliana Yemane | 10 | 60,000 |
| 4. | Mrs.Rahel Teweldemedhn Zewelday | 10 | 60,000 |
| | Total | 1,020 | 6,120,000 |

In addition, it was unanimously agreed in the meeting that Mrs. Furtuna Alazar to be general manager of the company. Articles 3 And 8 of the memorandum of are amended accordingly.

**SARIBO PRIVATE LIMITED COMPANY**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## መደብ ዓመታዊ መርመራ ሞቶር ተሽከርከርቲ ዓመተ 2025

1. ዞባ ማእከል
ካብ ዕለት 08/01/25 ክሳብ ዕለት 28/04/2025
ER-1 ER-5 ER-G ER-UN,ER-CD (ኮድ-ዲፕሎማት)
ካብ ዕለት 02/04/2025 ክሳብ ዕለት 30/07/2025
ER-3. ER-8 ER-SPQ,ER-G
2. ዞባ ዓንሰባ
ካብ ዕለት 20/03/2025 ክሳብ ዕለት 20/04/2025
ER-1 ER-3 ER-5 ER -8 ER-G ER-SPQ,
3. ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ
ካብ ዕለት19/02/2025 ክሳብ ዕለት 19/03/2025
ER-1 ER-3 ER-5 ER -8 ER-G ER-SPQ,
4. ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ
ካብ ዕለት 13/03/2025 ክሳብ ዕለት 13/04/2025
ER-1 ER-3 ER-5 ER -8 ER-G ER-SPQ,
5. ዞባ ጋሽ ባርካ
ካብ ዕለት 15/04/2025 ክሳብ ዕለት 30/05/2025
ER-1 ER-3 ER-5 ER -8 ER-G ER-SPQ,
6. ዞባ ደቡብ
ካብ ዕለት 15/04/2025 ክሳብ ዕለት 30/07/2025
ER-1 ER-3 ER-5 ER -8 ER-G ER-SPQ,
ሚኒስትሪ መጎዓዝያ መራኸቢታትን ብዓል መዚ መጎዓዝያ ምድሪ

## ንራብዓይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ጸብ ኩቡቱ ጸብ ኒዶ፡

ኣሃዱ፡ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመት 2025 ዓ/ም ካብ ወርሒ 01/01/2025 ክሳብ 31/12/2025 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከብ ሆስፒታል ባጽዕ፡ ሆስፒታል ጊንዳዕን፡ ቤት ትምህርቲ ኣሳ/ነርስ ጊንዳዕ፡ ንሕሙማትን ተመሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሪት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም፡፡ (ናይ ጨረታ ቅጥዒን ሓበሬታን ካብ ኣፍሲ ወከፍ ሆስፒታልን ቤት ትምህርትን ይወስዱ፡፡

ተማሪትቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልቲ ፍረታትን ጸብ ኩቡቱ ጸብ ኒዶ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተማሪትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር መንነት ወረቐትን የቕርቡ፡፡
4. ተማሪትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ቁ.ቴሌ 08534562 ናይ ጨረታ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተማሪትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚኢቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 3/1/2025 ሰዓት 9:00 ቅ/ቀ ቤት ትምህርቲ ኣሳ/ነርስን ሆስፒታል ጊንዳዕን ክበጽሕ፣ ናይ ሆስፒታል ባጽዕ ድማ ሰዓት 11:50 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተማሪትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ፡ ክሳተፍ ዝደለ ሰብን ክህሉ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት 3/1/2025 ኣብ ሆስፒታል ጊንዳዕን ቤት ትምህርትን ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ኣብ ሆስፒታል ባጽዕ ድማ ሰዓት 11:50 ቅ/ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንፍሲ ወከፍ ኣማራቲ ትካል ጥዕና ንኣሕምልትን ፍረታትን 20.000.00 ናቕፋ ጸቡ 5,000 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ ማሰረት ይካየድ፡፡
9. ተማራቲ፡ ነቲ ዝተዓወቱሉ መግቢ ብናቱ መጎዓዝያ ናብ ዝተዓወቱሉ ሆስፒታላት የቕርብ፡፡
10. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ
ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሓደሽ ኩትምያ ልዕሊ ቤት ማዘከር ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ 3 ደርቢ ምጽዋዕ
ቁጽሪ ቴሌፎን 08534562

## ምልክታ ጨረታ

ጸገና፦ ዝተፈላለየ ሓይሊ ፈረስ ዘለዎ ዲናሞታትን ዝተፈላለየ ዓቕን ዘለዎ UPS ባትሪ ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፕየራትን፡፡
ዘጽግን ትካል፦ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ጸገና
ኣገባብ ጸገና፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንዓመተ 2025 ካብ 01/2025 ክሳብ ወርሒ 12/2025 ንቤት ጽሕፈት ንፈተርያ ተመሃሮ ንምርክ ሾፕት ዘገልግል ዲናሞታት UPS ባትሪ ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፕየራትን ዝጽግኑ ኣውዳዲሩ ከማሪት ስለ ዝደለየ፣ ሕጋውያን ጸገንቲ ይዕድም፡፡
1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንሕጋውያን ትካላት ዋጋታት ጸገና ዲናሞታት UPS ባትሪ፡ ፕሪንተራት ፎቶ ኮፕየራት ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ትካላት ክፉት እዩ፡፡
3. ተማሪትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2023 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስ መንነት ወረቐት የቕርቡ፡፡
4. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 23/01/2025 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዘቕረበ ተማራቲ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተማሪትቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ስነስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ዕለት 23/01/2025 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ብግሉጽ ይኽፈት፡፡
5. ብቑዓት ተማሪትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወሰዱ ይኽእሉ፡፡
6. ተማሪትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንሬር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔቴን) ኣር ቁጽሪ ተሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
7. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ቴሌፎን 111479
ኣስመራ

ብስም ኣብርሃት ጉብረያውሃንስ መሻሾ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00034791 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቁ.ገዛ 58 ዝርከብ ናይ መሸጢ መዓረይን ኤሌትሪክ ኣቑሑትን ምብዛሕ መፍትሕን ትካለይ ንኣቶ ፋንኤል ኣስመሮም ሰዩም ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዳይፍ ጎደና 712-29 ቁ.ገዛ 0 ካብ ዕለት 01/08/2024 ክሳብ ዕለት 31/07/2028 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከየጋጠመ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝጉብ ክምዝፍጸመሉ ኻፍልጥ፡፡

ኣብርሃት ጉብረያውሃንስ መሻሾ
ሕጋዊ ወኪል ዳንኤል ብርሃ ደሰታ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሶፍያ ንጉስ ኒጋሽ፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ሰብሃቱ ክፍለማርያም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቃና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት ወልደገብርኤል፡ ወከል ኣቶ ወልደገብርኤል ሰለሙን፡ ተኸሳሲ ኣቶ እስራኤል ረዘነ ናይ ሓዊር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ጽገሬዳ ፍስሃ ብርሃነ፡ሓፍተይ ዐቑባማርያም ፍስሃ ብርሃ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 5 መወትቲ ኣሕዋተይ 20 ተተካእቲ ደቀን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዳንኤል ሓጎስ ካሕሱ፡ ኣዴና ለተማርያም ተሰማ ወልዱ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣለን ሰመረኣብ ምባል ተረፉ፡ ሄለን ሰመረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ልዋም ኪዳነ ሃይለሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ልዋም ኪዳነ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ት ደሃብ ኣብርሃም ኣስካሉ ስም ኣደይ ህድኣት ሃብቱ ምባል ተረፉ፡ ህድኣት ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ጴጥሮስ ምስጉና ሃብተማርያም ምባል ተረፉ፡ፔተር ምስጋና ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃታት


Golden Integrated

Algebra & Geometry

ስነ-ቁጽሪ ብዝቐለለ መገዲ ንኽንመልኽን ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክንዕወት ዝሕግዛ መጻሕፍቲ፡፡

ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፦

➢ ኩሉ ዓይነት መግለጺ ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓለላ
➢ ልዕሊ 700 ኣብነታት ምስ ኣሰራርሓኡ
➢ ልዕሊ 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም






ቴሌፎን፡- 07114840

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ኣልኣዛር ጺጋይ፡ ወሰደይ ጺጋይ ወልደየሱሰን ምልእተ ጊላዝጊን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋጺልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ኣቶ ዳዊት ቀሺ ማሪቆስ፡ ተኸሰስቲ 1. ኣቶ የዕበዮ ቀሺ ማሪቆስ ሃይለ 2. ኣቶ ሃይለ ቀሺ ማሪቆስ ሃይለ 3. ኣቶ ቢንያም ቀሺ ማርቆስ ሃይለ 4. ወ/ሮ መድህን ቀሺ ማሪቆስ ናይ ውርሲ ምክፍፋል ክሲ ተኸፊቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ተኸስተ ፍስሃጼን ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ከስተ ፍስሃጼን ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

መሓመድ መሓመድኑር ምባል ተረፉ፡ ሓምድ መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ዳህላክ ኣብርሃ፡ ተኸሳሲ ተስፋጋብር ተስፋየውሃንስ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ተኸሳሲ ኣቶ ኣመናይ ገብሻ የናስ፡ ብኸሳሲት ወ/ሮ ለተጼን ይፍጠር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን24/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ከሳሲት ምሕረት ጺጋይ፡ ተኸሳሲ ተኾመ ካሳ ነጋሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ካሕሳይ ጹሓይ፡ ተኸሳሲ ደበሳይ ተስፉ መሓሪ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን11/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

ወ/ሮ ተመርጸ ሃይለ ተሰማ፡ ብዓል ቤተይ ገረዝጊሄር ተኽለገደ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቒና ድማ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ወይኒ ኣስገዶም ደስታ፡ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ኣስፍሃ በየነ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቒና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ግደይ ጺጋይ ይማስገኑ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኑ ተስፎኣም ኣርኣያ፡ ካብ ወ/ሮ ግደይ ዝወለዱ 1.ኣማን ተስፎኣም ኣርኣያ +7 ካብ ነ/ሄር ለተየሱስ የውሃንስ ተመልሶ ዝወለዱ 1. ኣብባ ተስፎኣም +3 ንግኹም ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/25 ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ቀሺ ኣብርሃም ቀሺ ሃብተማርያም፡ ኣቦይ ቀሺ ሃብተማርያም ዝገታ ልብሱ ስለዝዋረሬ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳልሕ ሱሌማን ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ሳላሕ ሱሌማን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ደሃብ ብርሃ ዊንታ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሾማንገስ ፍስሃየ ገብረሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ራድያ ኢብራሂም ኣሕመድ፡ ወደይ ናስር መሓመድ ሳልሕ 7 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ሰነድ ይወሃበኒ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሀት ሓይጅ ተድላ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኪዳነ ገብረኪዳን ይፍጠር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ትዕግስቲ ኣስገዶም ገብረሂወት ምባል ተረፉ፡ ዘያዳ ኣስገዶም ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ መሓሪ ሓድጉ ተስፉ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ነ/ሄር ሂወት ብስራት፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ቀሺ ጺጋይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ደስበለ ባህረ ሓጎስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ዳኒኤል ተስፋይ ዛይድ ምባል ተረፉ፡ ሸዊት ተስፋይ ዛይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ተወልደ ወልደስላሴ፡ ስም ኣደይ ለምለም ተወልደ ወልደየውሃንስ ምባል ተረፉ፡ ለምለም ተወልደብርሃን ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሩፍታ ክፍለም ምባል ተረፉ፡ ሄልዋን ክፍለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መስቀልክብራ ይሕደጎ ፍሩ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ጎይትኦም ኣጻባሃ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቒና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸልናም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሃለት ገብረመስቀል ገብረጻድቕ፡ ተኸሳሲ ኣፈወርቂ ጠዓመ ገብረኪዳን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ጀሚላ ዳውድ እስማኢል፡ ስም ናይ ትሕቲ ዕድመ ደቀይ 1.ኣሕመድ መሓመድ የሱፍ 2.የሱፍ መሓመድ የሱፍ ምባል ተረፉ፡1.ኣሕመድ መሓመድሳልሕ የሱፍ 2.የሱፍ መሓመድሳልሕ የሱፍ ተባሂሉ ይተኣረመሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰምረት ተኽለ መንገሻ፡ ተኸሳሲ ሚከኤል ፍስሃየ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣለም ዘርአ ዓለምሽት ምባል ተረፉ፡ ፍልሰታ ዘርአ ዓለምሽት ተባሂሉ ይተኣለመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መሓመድዑመር ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ዑመር ኢብራሂም ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኪዳነ ገብረቅዱስ ጃውድ፡ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ርግኣት ዘርኣይ ተስፋልደት ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቒና ድማ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸልናም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሓሰን መሓመድዓሊ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ ሓሰን መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣለመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሴም ዘርኣብሩኽ ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ደበሳይ ዘርኣብሩኽ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሰላም ሽማይ ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ደጀን ዑቕባብርሃን ሰረቐ 9 ዓመታት ደሃይ ስለዘይገበረለይ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ፍትሕ ክፍጸመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሙብራት ብርሃ መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ሙብራህቱ ብርሃ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣለመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ወ/ሮ ጽገሬዳ ተወልደ ሃይሉ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካለን (OCEAN CLEARING & FORWARDING) ተባሂሉ ክስየማለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝገቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ዶልፊን ምሻጥ ዓሳ ሓ/ዝ/ብ/ማ ብዕለት 22/03/24 ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ ሰዓቡ ዝርከብ ውሳኔታት ኣሕሊፉ፡፡ ካብ ነፍ/ሄር ነጋሽ ኪዳነ ዝበርም 30 ብርክታት ናብ ውላዶም ፍስሃየ ነጋሽ ብውህብቶ ምስጋጋር ኣጽዲቑ፡፡ ካብ ነፍ/ሄር ማስፍን ዓንደጸዮን ተ/ብርሃን ዝበርም 30 ብርኪ ናብ ወረስቶም ክሰጋገር ውሳኔ ኣጽዲቑ፡፡

በዚ መሰረት መተሓዳደሪ ሕጊ ዓ/1 ናይ ኣባላት ማሕበር ብርክታት በዚ ዝስዕብ ተመዝጊቦም ኣለው፡፡

| ስም ኣባላት | ብርኪ | ዋጋብርኪ/ናቕፋ |
|---|---|---|
| 1. ኣቶ ይሕደጎ ሰለሙን ወልደኣብዝጊ | 30 | 3,000.00 |
| 2. ኣቶ ወልደስላሴ ኣስገዶም በራኺ | 30 | 3,000.00 |
| 3. ኣቶ ፍስሃየ ነጋሽ ኪዳኑ | 30 | 3,000.00 |
| 4. ወረስቲ ማስፍን ዓንደጸዮን ወኪል ኣስቴር ማስፍን | 30 | 3,000.00 |
| 5.ኣቶ ገብረሂወት ገብሩ ሰለሙን | 30 | 3,000.00 |

ዶልፊን ምሻጥ ዓሳ ሓ/ዝ/ብ/ማ

---

ኣብ ምም/ን/ዞባ ጸጸራት ኣብ ጋራጅ የማን ጉብርኣብ ፊት ቤት ማእሰርቲ ጸጸራት ባትላሜራ ተኻሪያይ ዝሾፍኩ፡ ነጋሲ ኪዳነ ገብረማርያም ዝተበሃልኩ፡ ብስም ወ/ሮ ለተብርሃን ሃይለሚካኤል እሙን ትፍለጥ ደም በጊዕ ዝሕብራ ቶዮታ ሳርፍ ዝዓይነታ ሰሌዳ ቁ.ER-1-A-5169 ቑጽሪ ቻሲ LN130-0023833 ዝኾነት ሞተረ ዘይብላ መኪና ባትላሜራ ጥራይ ክትዕረ ኣቶ ስምኦን ዘርኣይ ናብ ጋራጅና ኣብ ወርሒ 11/2021 ኣእትዩዋ ናይ መዓረዩኣ ሕሳብ ገዩርና ገንዘብ ከይከፈለና ምስከደ ክሳብ ሕጂ ደሃያ ስለዘይገበረ፡ ደሊናዎ ስለ ዘሰኣንናዮ፣ ዋና እያ ዝብል ሰነዳቱን መርትዖታቱን ሒዙ ናይ መዕረዩኣ 14.000.00 (ዓሰርተ ኣርባዕተ ሽሕ) ናቕፋ ብዘውሳኽ ናይ ኮፍ ዝበለቶ ንወርሒ ብሕሳብ ናቕፋ 500.00X12X3 ዓመት ተሓሲቡ ናቕፋ 18,000.00+14,000.00= 32,000.00 (ሰላሳን ክልተን ሽሕ) ናቕፋ ገንዘብና ሒዙ መጺኡ ንብረቱ ክርከብ ወይ ድማ እዚ ምልክታ እዚ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ስልጣን ካብ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ትካልና በዛ መኪና እዚኣ ተሓታቲ ከምዘይኮነ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ነጋሲ ኪዳነ ገብረማርያም

---

### ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን (ዓዲ ቐይሕ) ኣብ ኮሌጅ ንዝርከብ ቤት ሻሂ ካብ 01/01/2025 ክሳብ 31/12/2025 ንሓደ ዓመት ከካርዮ ስለ ዝደለየ፡ ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ተጫረትቲ ሃገራዊ ግቡኦም ዝማልኡ ወይ ድማ ዘይምልከቶም ክኾኑ ኣለዎም፣ መረጋገጺ የቕርቡ፡፡
2. ናይ 2024 ዝተሓደሰ ናይ ተመሳሳሊ ንጥፈት ንግዲ ፍቓድ
3.ንኣገልግሎት ዝውዕል መሳለጥያታትን ንብረትን ባዕሎም የቕርቡ፡፡
4. መንነት ወረቐትን ኣርንትን ፎቶ ኮፒ የቕርቡ፡፡
5. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 10 መዓልቲ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽበሉ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ዝርከብ ጨ/ቤ/ጽ/ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ ብወግዒ ጨረታ ይኽፈት፡፡
6. መኽበሪ ጨረታ (10,000) ናቕፋ ብCPO ወይ ድማ ብጥሽ የትሕዙ፡ 7.ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ጨ/ቤ/ጽ/ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን (ህንጻ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ) ብምምጻእ ወይ ድማ ብቑ ተሌፎን 08371388/07311099 ብምድዋል ክትውከሱ ትኽእሉ፡፡
8. ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡ ሓበሬታ ንዝደለ፦ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ኣብ ቁ 308 ወይ ድማ ኣብ ቁ309 ጨ/ቤ/ጽ/ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ብምምጻእ ክትወስዱ ትኽእሉ፡፡
9. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረኽብ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሕለወ እዩ፡፡

ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## “ኢሳቕ፡ ኣብዚ እዋን ዝበለጸ ኣጥቃዓይ ፕሪመር ሊግ እዩ” ካራገር

## ኢሳቕ፡ ኩሉ ዘማልአ ዘመናዊ ኣጥቃዓይ

ጂሚ ካራገር፡ ድሕሪ ናይ ሰኑይ ምሸት ጸወታታት ፕሪመር ሊግ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ብሉጽ ቁመና ዝሎ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ኒውካስል ኣሌክሳንደር ኢሳቅ መጉሲ፡፡

ንፕሪመር ሊግ ብምምላኽ ሹቶ ናይ ምምዝጋብ ዓቕሚ ኣብሪኹ ዘሎ ኢሳቕ፡ ብቐደሚ ትማሊ፡ ንቕዳመይቲ ሹቶ ኣብ ልዕሊ ማንቸስተር ዩናይትድ ብርእሱ ጉጅቶ ምምዝጋቡ ይዝከር፡፡ እዚ ቀማት ተጻዋታይ፡ ኣብዘ ትማሊ ዝተዛዘመት ወርሒ ታሕሳስ ጥራይ፡ ሻሙኣይቲ ናይ ሊግ ሹቶኡ እዩ ኣመዝጊቡ፣ ልዕሊ ዝኾነ ተጻዋታይ ከኣ ይሰርሑ፡፡

ብተኸታታሊ ኣብ ሸዱሽተ ተኸታታልቲ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ሹቶ ዘመዝገበ ኢሳቕ፡ ኣብዘን ኣብዚ ወቕቲ ዝተሰለፈለን 17 ናይ ሊግ ግጥማት 12 ሹቶታት ኣቆጺሩ ኣሎ፡፡ ምስ ኮል ፓልመር ተደሪቡ ድማ፡ ሳልሳይ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ደርኩቡ፡፡

ኢሳቕ ብዘለዎ ምልክት ከዕሶን ዘፍብለን ናይ ሹቶ ዕድላትን ከምኡ'ውን ክኢኡ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ክሰለፍ ዝኽእልን ንኣሰልጣኒኡ ኣማራጺታት ዝህበ፡ ንመጋጥምቱ ጸቕጢ ዝኾነር ጻዕራም ተጻዋታይ፣ ሓደ ንሓደ ተጻዋታይ ክሓልፍ ዘይሸገር፣ 1.93 ሜትሮ ቁመት ስለዘውንን ከኣ ብላዕሊ ንዝመጻ ከዕሶ ብርእሱ ጉጅቶ ከመዝግብ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ሓደ ካብቶም ናይዚ እዋን ዘመናውያን ኣጥቃዕቲ ይጸዋዕ፡፡

በዚ ዘውንኖ ውልቃዊ ብቕዓት፡ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ ኣብ ራዳር ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ኣትዩ ደርኩቡ፡ ብፍላይ ኣብዚ ወቕቲ ዘርእዮ ዘሎ ወዛ ዘለለ ብቕዓት፡ ቡታ ከይትኸስሮ ስግኣት ኣሕዲራ ዘላ ጋንታኡ፡ መልቀቒ ዋጋ 150 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ኣሎ፡፡ ኣብ ክረምቲ 2022 ብ63 ሚልዮን ፓውንድ ዘፈረመቶ ኒውካስል፡ ክሳብ ሰ 2028 ዝጸንሕ ውዕል ኣፈሪማቶ ኢያ፡፡

ካራገር፡ ብዛዕባ መልቀቒ ዋጋ ኢሳቕ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ “ኣሌክሳንደር፡ ድንቂ ተጻዋታይ እዩ፡፡ 150 ሚልዮን ፓውንድ እንተዝህልወኒ፡ ንዝኾኑት ዝደለዩቶ ጋንታ ምሸፈንኩላ ነይረ፡፡” ክብል፡ ዝዋበኡ ዋጋ ምኻኑ ገሊጹ፡፡

“ኢሳቕ፡ ኣመዝጋቢ ሹቶ ጥራይ ኣይኮነን፡፡ ኣቐባልን ዕድላት ዝፈጥርን እዩ፡፡ ኣብ ስታድዮም ብኣካል ተረኺበ ክጻወት ከሎ ዝረኣኹላ መዓልቲ ብፍጹም ኣይረሰዓን እየ፡፡ ኣብ ሜዳ ሊቨርፑል - ቅድሚ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመታት ኣቢሉ እዩ፡፡ ሹቶ ኣመዝጊቡ፡ ኣታሊሉ ይሓልፍ፡ ሹቶ ናይ ምምዝጋብ ዕድል እንተረኺቡ ከኣ፡ ብፍጹም ሓደ ካብቶም ክስሕቱዋ ዘይትጽበዮም እዩ፡፡ ኣብ ቅድሚ ልዳት ኣዝዩ ርጉእ እዩ፡፡” ብምባል ገሊጽዎ እዚ ናይ ቅድም ተኸላኻሊ ሊቨርፑል፡ “ኣብዚ እዋን ዝበለጸ ኣጥቃዓይ ፕሪመር ሊግ እዩ፡፡” ክብል እውን ኣደኒቕዎ፡፡

ኢሳቕ ድሕሪ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዩናይትድ፡ ብዛዕባ ጋንታኡ ኣንበራትሉ ዘላ ዋጋ ተዛሪቡ ነይሩ፡፡ እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ “ንዓይ ኣተከርዩ ዝቕይር ኣይኮነን፡፡ ከምዝመሳሰሊ ንዓኹምን ንደገፍቲን እዩ ዚያዳ መዛረቢ ዝኾነሉም፡፡ ኣብ ፍርቂ ዓመት ውድድር እየ ዘለኹ፡ ኩሉ ኣተከርዩ ኣብ ሜዳ እዩ ዘሎ፡፡” ኢሉ፡፡

ሓንቲ ካብዞን ንኢሳቕ ደልየንኦ ዘለዋ ክለባት ምኻና እትግለጽ ሊቨርፑል፡ መተካእታ መሓመድ ሳላሕ ክኸና ሓጺያቶ ከምዝሳ እዩ ዝዝረብ፡፡ መጻኢኡ ኣብዛ ጋንታ ንጹር ዘዩለ ሳላሕ፡ ውዕሉ ምስ ምዝዛም እዚ ወቕቲ እዩ ክውድእ፡፡

ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ ግና፡ ስም ኢሳቕ ምስ ኣርሰናል ተኣሳሲሩ ክለዓል ጸኒሑ እዩ፡፡ ኣርሰናል፡ ሓደን መሳረታዊን ጸገማ ብሉጽ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ ዘይብላ ምኻኑ እዩ ዝግለጽ፡፡ ኢሳቕ ሽግራ ክፈትሓላ ከምዝኽእል ከኣ ይእመት፡፡ ቸልሲን ፒኤስጂን እውን ብተመሳሳሊ ስመን ይጸዋዕ እዩ፡፡

እንተ ኣብዘ ትማሊ ዝተዛዘመት ዓመት (ወቕቲ ዘይተካ ዓመት 2024 ጥራይ) 25 ናይ ሊግ ሹቶታት ዘመዝገበ ኢሳቕ (ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ኒውካስል ኣላን ሽረር እዩ ኣብ ሓደ ዓመት/ካላንደር 27 ሹቶታት ብምምዝጋቡ ኣብዛ ጋንታ ኣብ ቅድሚት ዝርከብ) ግና፡ ንጋንታኡ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘእቱ ደረጃ ከትሕዝ እዩ ባህጊ፡፡ ንዓመታ ኣብዚ ውድድር ክትሳተፍ እንተኽኢላ ከኣ፡ ምስኣ ክጸንሕ ከምዝኣኽል ይእመት፡፡ ኣብ ሃገርና ካብዞን ዝጠቡላ ደገፍቲ ዘለወን ክለባት ዝኾና ኣርሰናል ወይ ሊቨርፑል ምስ ዘፈርማኦ ግና፡ ንዕኡ ዝበለጸ ዕብዮት ምኻኑ፣ ኤርትራውያን ከኣ፡ ብቐረባ ኣብ ዓበይቲ ውድድር ምተኸታተልዎ ነይሮም ዝብል ርእይቶ ኣለ፡፡



## ዱራን ተኸሲሱ

ኣጥቃዓይ ኣስቶን ቪላ ጆን ዱራን፡ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ተኸሲሱ፡፡

ዱራን፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ብኒውካስል 3-ብ0 ኣብ ስተሰዮሩሉ ናይ ቦክሲን ደይ ጸወታ፡ ኣብ መበል 32 ደቒቕ ብቐይሕ ካርድ ምብራሩ ይዝከር፡፡ ብውሳነ ዳኛ ብምቕጣዑን ካብ ሜዳ ምስ ወጸ ማስተዩ ማይ ብምቕልዑን ድማ እዩ ቡቲ ማሕበር ክሲ መጺእዎ ዘሎ፡፡

ቡታ ቀጥታ ዝተዋህቦ ቀይሕ ካርድ ሰለስተ ጸወታታት (ድሮ ሓንቲ ሰኑይ ምሸት ሓሊፋትሉ ኣላ) ዝተቐጽዐ እዚ ኮሎምብያዊ ተወሳኺ መቕጻዕቲ ክመጽኦ ይኽእል እዩ፡፡ ዱራን ክሳብ ዓርቢ መልሲ ክህበ'ውን ኣሎዎ፡፡



## ኣንቶንዮ፡ ካብ ሆስፒታል ተፋንዩ

ድሕሪት ዘጋጠሞ ሓደጋ መኪና ኣብ ሆስፒታል ተዓቒቡ ዝጸንሐ ተጻዋታይ ዌስት ሃም ሚቻኤል ኣንቶንዮ፡ ትማሊ ካብ ሆስፒታል ናብ ገዛኡ ተፋንዩ፡፡

ኣንቶንዮ፡ ብ7 ታሕሳስ እዩ መኪና እናመረሐ እንከሎ፡ ካብ መስመሩ ብምውጻእ ምስ ገረብ ተጋጪዩ ከቢድ ሓደጋ ኣጋጠምዎ፡፡ ስሪዚ ኣሰንብዲ ሓደጋ፡ እግሩ ዝተሰበረ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ክፋል ኣካላቱ'ውን መጉዳእቲ ወሪድዎ እዩ፡፡



## ሩኒን ፕለይማውዝን፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ተፈላልዮም

ዋይን ሩኒን እታ ዝዕልማ ዝነበረ ፕለይማውዝን፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከምዝተፈላለዩ ትማሊ እታ ክለብ ኣፍሊጣ፡፡

እዚ እንግሊዛዊ ናይ ቅድም ፍሉጥ ተጻዋታይ፡ ኣብ ወርሒ ግንቦት እዩ መዘኑት ምዕላም እዛ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ (ሻምፕዮንሺፕ) እትጻወት ክለብ ተቐቢሉ፡፡ ጉዕዞኡ ግና፡ ዕዉት ክኸውን ኣይከኣለን፡፡ እዛ ጋንታ፡ ካብ 23 ግጥማት ኣብ 13 ክትሰዓር እንከላ፡ ኣርባዕተ ዓወት ኣመዝጊባ ሽዱሽተ ከኣ ማዕረ ብምውጻእ፡ ብ18 ነጥቢ መወዳእታ ማብል 24 ተሰሪዓ ትርከብ፡፡

በዚ ከኣ፡ ናይ መወዳእታ ዓወቱ 5 ሕዳር ዘመዝገበ ሩኒ፡ ብናይ ሓብር ምርድዳእ መዘኑት ለቒቑ ኣሎ፡፡

ሓደ ካብቶም ኣብ ምስልጣን ዘይዕወት ግዜ ዝሕልፉ ዘለዉ ናይ ቅድም እንግሊዛውያን ተጻወትቲ ዝኾነ ሩኒ፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ካብ በርሚንግሃም ምብራሩ እዩ ነዛ ክለብ ተቐቢሉዋ፡፡ እዚ ወዲ 39 ዓመት ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ኣብተን ኣቐዲሙ ዝዓለመን ደርቢ ካውንቲን ኣመሪካዊት ክለብ ዲሲ ዩናይትድን እውን ኣብ ሓጺር ግዜ ስልጣኑ ክለቕቕ እዩ ተቐሲቡ፡፡



## ኩንሃ ተቐጺዑ

ኣጥቃዓይ ዎልቭስ ማትያስ ኩንሃ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ምስ ኣባል ጸጥታ ክለብ ኢፕስዊች ታውን ብምብኣሱ፡ ንኽልተ ግጥማት ክቕጻዕ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ወሲኑ፡፡

እዚ ብራዚላዊ ንሓደ ኣባል ጸጥታ ኢፕስዊች ብጉንቦ ኢዱ ብምህራሙን መጽር ዓይኒ ካብ ገጹ መዝዚዑ ብምውጻኡን እዩ ተኸሲሱ ጸኒሑ፡፡

በዚ ከኣ፡ ጋንታኡ ዝመጽእ ሰኑይ ኣብ ፕሪመር ሊግ ምስ ኖቲንግሃም፡ ቀዳም 11 ታሕሳስ ከኣ፡ ኣብ ሳልሳይ ዙርያ ኤፍ.ኤ ካፕ ናብ ብሪስቶል ሲቲ ተጓዒዛ ኣብ እተካይዶ ግጥም፡ ክበኩር እዩ፡፡

ብዘይካዚ፡ ኩንሃ 80 ሽሕ ፓውንድ ክኸፍሎ'ውን ተወሲኑሉ ኣሎ፡፡

እዚ ባእሲ፡ ናብ ዎልቭስ ተጓዒዛ እትጻወት ዝነበረት ኢፕስዊች፡ ኣብ ማብል 94 ደቒቕ ብመጉዲ ጃክ ታይለር መዐወቲት ሹቶ ድሕሪ ምምዝጋብ እዩ ተላዒሉ፡፡ እቲ 2-ብ1 ዝተዛዘመ ጸወታ ከኣ፡ ንመዘኑት ምስልጣን ዓላሚ ዎልቭስ ጋሪ ኦኔል ዋጋ ዘኽፈለን ካብ ቦታኡ ዝኣለየን ነይሩ፡፡ እዛ ጋንታ፡ ንቦታኡ ብቪክቶር ፐረይራ ከምዝተኸኣቶ'ውን ይዝከር፡፡

ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ዎልቭስ ዝኾነ ኩንሃ፡ ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ ካብ 19 ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥማት፡ 10 ሹቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ፡፡



### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ብረንትፎርድ - ኣርሰናል 8:30 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ሩስያ ባህርያዊ ጋዝ ናብ ማልዶቫ ምልኣኽ ኣቋሪጻቶ

ፌደረሽን ሩስያ፡ ናብ ማልዶቫ ክትልእኮ ዝጸንሐት ባህርያዊ ጋዝ ካብ ሎሚ 1 ጥሪ ጀሚራ ደው ከተብሎ ምኳና ድሕሪ ምሕባራ፡ ኣብታ ሃገር ከቢድ ሕጽረት ጸዓት ኪጋጥም ከም ዝኽእል ይግለጽ ኣሎ።

ማልዶቫ፡ ኣቐዲማ ዝሸመተቶ ዋጋ ኣስታት 709 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ባህርያዊ ጋዝ ዕዳኡ ብዘይምኽፋላ፡ መንግስቲ ሩስያ ነቲ ናይ ምቁራጽ ስጉምቲ ክወስድ ከምዝተገደደ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሩስያ፡ ዓመታዊ ኣስታት 2 ቢልዮን



ሜተር-ኩዩብ ባህርያዊ ጋዝ ናብ ማልዶቫ ከምእትልእኽ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ እቲ ሰደድ ምሉእ ብምሉእ ምስ ዝቋረጽ፡ እታ ሃገር ኣብ ከቢድ ቅልውላው ክትኣቱ ከምእትኽእል'የም ሰብ-መዚ ማልዶቫ ዘጠንቀቑ ዘለዉ።

ድሕሪ'ቲ ብመንግስቲ ሩስያ ዝተወስደ ሓደሽ ውሳኔ ናብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ማልዶቫ ባህርያዊ ጋዝ ክልእኽ ዝጸንሐ 'ቲራስፖልትራንስጋዝ' ዝተሰምየ ኩባንያ ሩስያ፡ ን12 ትካላት መንግስቲ ማልዶቫ ክዕድሎ ዝጸንሐ ባህርያዊ ጋዝ ምሉእ ብምሉእ ደው ከምዝበሎ ኣፍሊጡ።

በቲ መንግስቲ ሩስያ ወሲድዎ ዘሎ ስጉምቲ፡ ስሎቫኪያ፡ ኢጣልያ፡ ሃንጋሪን ኣውስትርያን እውን ብኣሉታ ክጽለዋ ከምዝኽእላ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ድሕሪ ምውላዕ ኩናት ዩክሬን፡ ማልዶቫ ሓንቲ ካብ'ተን ምስ ሃገራት ምዕራብ ዝወገና ሃገራት ኤውሮጳ ምኳና'የም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

## ኣመሪካ፡ ዋጋ 6 ቢልዮን ዶላር ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ትልእኽ

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ተወሳኺ 6 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ሓገዝ ናብ ዩክሬን ከምዝለኣኸት ይሕበር ኣሎ።



ስልጣኑ ክረክብ ሓደት ሰሙናት ጥራሕ ተሪፈንኦ ዘለዋ ፕረዚደንት ጆ-ባይደን፡ ንዩክሬን ክህቦ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ደገፍ ብዓይነትን መጠንን ክብ ከምዝበሎ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ጸጥታ ናይ'ታ ሃገር ንምውሓስ'ውን ተወሳኺ 2.5 ቢልዮን ዶላር ባጀት ሰሊዑ ከምዝሎ ኣመልኪቶም።

እቲ ዝወሃብ ወተሃደራዊ ሓገዝ ዓይነቱ ዛጊት ከምዘይተፈልጠ ዝገለጹ እቶም ጸብጻባት፡ ጸረ-ደሮናት፡ ጸረ-ታንክታት፡ ሮኬታትን ከበድ-ብረትን ዘጠቓለለ ክኸውን ከምዝኽእል ግን ሓቢሮም።

ምምሕዳር ጆ ባይደን፡ ክሳብ መወዳእታ ናይ ስልጣን ግዜኡ ናብ ዩክሬን ዝልእኮ ወተሃደራዊ ሓገዝ ከምዘይቋረጽ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ፈደረሽን ሩስያ ግን፡ እቲ ካብ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ንዩክሬን ዝወሃብ ዘሎ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ነቲ ግጭት ሓደገኛ ኣንፈት ከትሕዞ ከምዝኽእል እያ ተጠንቅቕ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኩናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመረ ንደሓር ጥራይ፡ ኣመሪካ ኣስታት 183 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዝ ናብ ዩክሬን ልኢኻ ኣላ።

እተን ካልኦት ሃገራት ምዕራብ ድማ፡ ብድምር ኣስታት 200 ቢልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ንዩክሬን ከምዝሃባ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።

## ፓኪስታን - ንኩናት ቓዛ ዝቃወም ሰላማዊ ሰልፊ ይካየድ

ኣብ ፓኪስታን፡ ኩናት ቓዛ ደው ክብል ዝጸውዕ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ይካየድ ኣሎ።

እዚም ኣብ ጎደናታት ከተማ ኢስላማባድ ሰልፊ ዘካየዱ ዘለዉ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፓኪስታናውያን፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንእተካይዶ ዘላ ኣልማሚ ደብዳብ ብቕልጡፍ ደው ከተብሎ እያ ዝጸውዑ ዘለዉ።

ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብዘቕጽል ዘሎ ደብዳብ እስራኤል፡ ዛጊት ቆልዑ'ሰበይቲ ዝርከብዎም ኣስታት 45,300 ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም ከምዘለዉ'የም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ንዝሰፍሐ ክፋል የመን ተቖጻጺሩ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሖቲ፡ ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ንዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ 'ቤን ጉርዮንን'፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምብራቕ ከተማ እየሩሳሌም ንዝርከብ መደበር ጸዓት ዒላማ ዝገበረ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ ከምዝፈጸመ ይሕበር ኣሎ።

እንተኾነ፡ ብመጥቃዕቲ ናይ'ቲ ልዕሊ ድምጺ ዝውንጨፍ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ኣብ ሰብ ይኹን ኣብ ንብረት ንዝወረደ ዕንወት ብዝምልከት ብመንግስቲ እስራኤል ዝተዋህበ ሓበሬታ ከምዘየለ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሖቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት'ውን ንመዓርፎ-ነፈርቲ ቤን-ጉርዮን ዒላማ ዝገበረ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ኣካይዱ ምንባሩ ይዝከር።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሃገሩ ኣንጻር ሖቲ ደሮ ቃልሲ ጀሚራ ከምዘላ ብምሕባር፡ እቲ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዘካይዶ ዘሎ መጥቃዕትታት ከቢድ ዋጋ ክኸፍለሉ ምኳኑ ኣጠንቂቑ።



## መራሒ ደ/ኮርያ ክእሰር ትእዛዝ ተመሓላሊፉ

ቤት-ፍርዲ ደቡብ ኮርያ፡ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ዮን ሶክ ዮል ክእሰር ትእዛዝ ከምዘመሓላለፈ ይሕበር ኣሎ።

ፕረዚደንት ዮን፡ ደቡብ ኮርያ ብወተሃደራዊ ሕጊ ክትምራሕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ብዘሕለፎ ኣካታዒ ውሳኔ እዩ ተኸሲሱ ጸኒሑ።

እቲ ፕረዚደንት፡ መርመራ ንኽግበረሉ በቲ ቤት-ፍርዲ ንዝቐረበሉ ሰለስተ ጸውዒታት ዕሽሽ ድሕሪ ምባሉ እዩ ክእሰር ተወሲኑ ዘሎ።

ፕረዚደንት ዮን፡ ንሓጺር ግዜ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ሕጊ ካብ ዝእውጅ ንደሓር ኣብታ ሃገር ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣስፋሕፊሑ ከምዝሎ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ኣብዚ እዋን እቲ መራሒ ካብ ስልጣኑ ተኣልዩ ከምዝርከብ የመልክቱ።

እቲ ተመሓላሊፉ ዘሎ ናይ ማእሰርቲ ውሳኔ ኣብ ግብሪ እንተ ወዒሉ፡



ፕረዚደንት ዮን እቲ ናይ መጀመርያ ኣብ ስልጣን እንከሎ ማእሰርቲ ዝገጠሞ መራሒ ደቡብ ኮርያ ከምዝኸውን እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እቲ ናይ ማእሰርቲ ውሳኔ ድሕሪ ምምሕልላፉ፡ ጉጅለ ተጣበቕቲ ሕጊ፡ ወተሃደራዊ ሕጊ ምእዋጅ ሕጉ-መንግስታዊ ማሰል እቲ ፕረዚደንት ምኳኑ ብምሕባር፡ መርመርቲ ደቡብ ኮርያ ክኣስርዎ ከምዘይክእሉ ኣፍሊጦም።


በዚ ኸኣ፡ እቲ ወጺኡ ዘሎ ትእዛዝ ማእሰርቲ፡ ኣብ ግብሪ ክውዕል ዘለዎ ተኽእሎ ትሑት ክኸውን ከምዝኽእል እዩ ዝሕበር ዘሎ።

## ፑቲን ንዘይሕጋውያን ስደተኛታት የጠንቅቕ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቪላድሚር ፑቲን፡ ኣብ ሃገሩ ዘለዉ ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ዘይብሎም ስደተኛታት፡ ካብ ሎሚ 1 ጥሪ ጀሚሮም ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ክሕዙ ጸዊዑ።

ኣብ ሩስያ ክኣብሩ ድሌት ዘለዎም ስደተኛታት፡ ንኸኣሉ'ቲ ብመንግስቲ ዝወጸ ሕግታት ከማልኡ ከምዝግደዱ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ፑቲን፡ እዚ ምስ ዘይትግብሩ ግን ክሳብ 1 ሚያዝያ 2025 ኣብ ዘሎ ግዜ ብፍቓዶም ካብታ ሃገር ጠቕሊሎም ክወጹ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ሩስያ ዝርከቡ ስደተኛታት ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ዝተፈላለዩ መስርሓት ከምዝሓልፉ ዝጠቐሰ መንግስቲ ሩስያ፡ ኣሰር ኣጻብዕቲ(ዓሻራ) ምውሃብ፡ ብቛንቋ ሩስያ ዝተዳለወ ፈተናታት ምውሳድ፡ ከምኡ ድማ መርመራ ናይ ዝተፈላለዩ ሕማማት



ምግባር ገለ ካብ'ቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ መስርሓት ምኳኖም ኣረዲኡ።

ብዘወሳኺ፡ ሰብ-መዚ ሩስያ፡ ካብ ዝመጽእ 5 ለካቲት ጀሚሮም መንበሪ ፍቓድ ንዘይብሎም ወጻእተኛታት ብዘይ ውሳኔ ቤት-ፍርዲ ክሰጉ ምኳኖም ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ብፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን ወጺኡ ዘሎ ውሳኔ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ኣብታ ሃገር ዝተፈጸመ ህይወት 145 ሰባት ዝቐዘፈ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ዝተበገሰ ምኳኑ'ዩ ዝሕበር።

ብመሰረት ስታቲስቲካውያን ጸብጻባት ሩስያ፡ ኣብዚ እዋን ኣብታ ሃገር ልዕሊ 400 ሽሕ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ኣለዉ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣኽርያ<br>ፋርማሲ ጃልያ<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | 01/01/2025 | ጎደና ሸርኢት -137፡ ከባቢ ኣኽርያ<br>ጎደና ሰገኸይቲ ቁ 84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ<br>ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት ምስጊድ ገዛ ባንዳ ጥልያን | 08370238<br>110680<br>119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565